# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.306 | ረቡዕ 23 ነሓሰ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ፌስቲቫል - መድረኽ ምውርራስ ባህልን ታሪኽን!



ገጽ 3
ግዜ ዘይሰዐሮ ‘ወርቂ’ ኪም መለክዒ ባጤራ




ገጽ 4
ጽምብላሊዕ ዓሳ



ገጽ 5
ሓጐስን ሕጉሳትን



ገጽ 7
ስልጠና ንኣባላት ህዝባዊ ርክባት ተዋሂቡ




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዋዕላ መራሕቲ ብሪክስን መሻርኽቲ ሃገራትን ንምስታፍ ናብ ሪ/ደቡብ ኣፍሪቃ ገይሹ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ኣኣንጋዲት ሃገር ደቡብ ኣፍሪቃ - ሲረል ራማፎሳ ብዘቐረቡሉ ዕድመ፡ ኣብ ዋዕላ መራሕቲ ቀጸሪ ብሪክስን መሻርኽቲ ሃገራትን ንምስታፍ፡ ትማሊ ሰዓት 7፡00 ናይ ንግሆ ናብ'ታ ሃገር ገይሹ። ሰዓት 2፡00 ድሕሪ ቐትሪ ድማ፡ ከተማ ጆሃንስበርግ ኣትዩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ሓቢሩ ተጓዒዙ ኣሎ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ‘ኦሊቨር ታምቦ’ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ሚኒስተር ጥዕና ጆ ፓሽላ ዝርከብዎም ሰበ ስልጣን - ብናይ ክብሪ ሰልፊን ባህላዊ ጸወታታትን ተቐቢሎምዎ።

ኣብ'ቲ ናይ ምቕባል ስነስርዓት፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣቶ ሳልሕ ዑመር ተረኺቦም ነይሮም።


ጉድኒ ጉድኒ'ቲ ዋዕላ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ መራሕቲ ዝተፈላለየ ሃገራትን መንግስታትን ርክብ ከምዝካይድ ተፈሊጡ ኣሎ።

መበል 15 ዋዕላ መራሕቲ ‘ብሪክስ’፡ “ብሪክስን ኣፍሪቃን - ሽርክነት ንሓባራዊ ዕብየት፡ ዘላቒ ልምዓትን ጸንባሪ ብዙሓዊ ስርዓትን” ብዝብል ቴማ፡ካብ 22 ክሳብ 24 ነሓሰ ኣብ ከተማ ጆሃንስበርግ ክቕጽል እዩ።

ብዙሓቀጽራዊ ፍትሓዊ ዓለማዊ ስርዓት ክወን ምግባር ዝዕላማኡ ‘ብሪክስ’፡ ንብራዚል፡ ሩሲያ፡ ህንዲ፡ ቻይናን ደቡብ ኣፍሪቃን ዝሓቁፍ ቀጸሪ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ክጽንበራኦ ዝደልያ ልዕሊ 20 ሃገራት ወግዓዊ ሕቶ ኣባልነት ኣቕሪበን ኣለዋ።

ኣብ መበል 15 ዋዕላ ‘ብሪክስ’፡ መራሕቲ መሰረትቲ ሃገራትን ዕድመ ዝተዋህበሎም መራሕቲ ሓያሎ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራትን ኣህጉራውያን ውድባትን ክሳተፉ እዮም።







# ማሽነሪታት ሕርሻ፡ ኣብ ኣሳልጦ ስራሕ ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ተገሊጹ

መንግስቲ በቢዓመቱ ዘእትዎ ዘሎ ዘመናዊ ማሽነሪታት ሕርሻ ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ፡ ዋና ኣኪያዲ ስራሕ ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ሚኒር ክብርኣብ ኣብርሃም ገሊጹ።

መንግስቲ፡ ኣብ ምምድማድን ምድልዳልን መሬት ዝጠቕሙ ዓበይቲ ደዛራት፣ ኣብ ማሕረስ ዝጠቕሙ ዓበይትን ንኣሽቱን ትራክተራት፣ ኣብ ምእካብ ምህርቲ ዝጠቕሙ ኮምባይነራት፣ ከምኡ'ውን ማሰኖኣዊ ሕርሻ ንምስፋሕ ዘገልግሉ መሳርሒታት ክቕርብ ከምዝጸንሐ፡ ሳላ'ቲ ተዓጢቑ ዘሎ መሳርሒታት ድማ - ዝወጠን ሕርሻዊ ስራሕ ብዐቐዱ ይዕመም ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ማዕረ-ማዕረ'ቲ ብመንግስቲ ኣብ ዝትግበር ፕሮጀክትታት፡ እቲ ማሽነሪታት ንህዝቢ እውን ብዝሓሽ ክፍሊት - ንሰዓት ብ150 ናቕፋ ኣገልግሎት ከምዝህብ ጠቒሱ።

# ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ፡ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ጀሚራ

ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ንምዝዛም ናብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ - ሳዋ ዝወረዱ ኣባላት መበል 36 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ትማሊ 22 ነሓሰ ናይ 2023/2024 ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ጀሚሮም።

ብ21 ነሓሰ፡ ርእሰመምህር ርእሶም ገብረሂወት፡ ንተመሃሮ ምስ ሓፈሻዊ መምርሕን ሕጋጋትን ቤት-ትምህርቲ ድሕሪ ምልላዩ፡ መምህራንን ኣለይትን ንምሕጋዞም ኣብ ጐድኖም ከምዘለዉ ድሕሪ ምሕባር፡ ኣደህቦኦም ኣብ ትምህርቲ ክነብሩ ነጊርዎም።

ቀጻሪ ተመሃሮ፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብኣስታት 34.5 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ዝጠቐሰ መምህር ርእሶም፡ ጉድኒ-ጉድኒ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ስፖርታውን ባህላውን ንጥፈታት፡ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ክትዕን መድረኽ ሰሚናራት፡ ከምኡ'ውን ማዘኻዊ መደባትን ማሕቶትን ተሰሪዑ ከምዘሎ ገሊጹሎም።

# ፌስቲቫል - መድረኽ ምውርራስ ባህልን ታሪኽን!

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ካብ ፌስቲቫል ኤክስፖ-2023 ናይ ዓርቢ 18 ነሓሰ ውዕሎ ገለ ክነብል። እቲ ዕለት፡ ብሕልፊ ድሕሪ ቀትሪ ብዙሕ ተሰንዩ እዩ ንጥፈታቱ ከሳልስል ወዒሉ። ፈላሚ ዑደትና፡ ኣብ'ቲ ናብ ሰሜን ሸነኽ ቀንዲ መእተዊ ኣፍ-ደገ ቀጽሪ ኤክስፖ ዝተደኰነ - ብምውህሃድ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ሚኒስትሪ ዜናን ዝቶዳለወ ናይ ስእሊ ኤግዝቢሽን እዩ ነይሩ። ብምእሊያ ዘይብሉ በጺሒ ኣዕለቕሊቑ ድማ ጸኒሑና። ኣብ


ሜጀር ፍስሃየ ተኽላይ

ውሽጢ ኣቲኻ ንኽትዕዙቦ እኹል ዝኣተዉ ክሳብ ዝወጽኡ ክትጸበ ኣሎካ፡ ትሕዝቶ እቶም ንምርኢት ዝቐረቡ ኣሳእል ብቐንዱ፡ ናይ ሓይሊታት ምክልኻል ኤርትራ ኰይኖም - ንጥፈታቱን ዕማማቱን ዘንጸባርቑ እዮም። ትሕዝቶን ዕላማን እቲ ምርኢት ዝያዳ መብርሂን ሓበሬታን ንምርካቡ ንሓደ ካብ ኣወሃሃድቲ - ንምክትል ሓላፊ ጉዕዝያን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል


ካፒ. ሰሎሞን ኣብርሃም

ሜጀር ፍስሃየ ተኽላይ ተወኪሰናዮ ነይርና።

ብመሰረት ሓበሬታ ሜጀር ፍስሃየ፡ ኑቲ ምርኢት ንምድላው ካብ ነዊሕ ዝጸንሐ ወጥን ምኻኑ፡ ብሰንኪ ኮሮና ቫይረስ ግን ከምእተርደናገየ እዩ። ሕጂ እምበኣር፡ ሳላ'ዚ ፌስቲቫል እዚ ናይ ኣሳእል ኤግዚብሽን ኩዳለዉ ዕድል ከምዝረኸበ፡ መረጽም ኣቕሪብምዎም ዘለዉ ኣሳእል ድማ፡ ንኸሎ መዳያዊ ጅግንነት ሰራዊትና ዝገልጹ ኩይኖም፡ ብቐንዱ ከኣ ተወፋይነትን ጅግንነትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኣብ ምኽባር ልኡላውነት ሃገር፡ ኣብ ልምዓትን መኸተን ከምኡ'ውን ኣብ ምዕቃብ ክብረታት ሕብረተሰብ ዘንጸባርቑ እዮም።

እቲ ስእላዊ ኤግዚብሽን ቅድሚ ናጽነት ንዘበረ ንጥፈታት ኣየጠቓልልን እዩ። ካብ ድሕሪ ናጽነት - ማለት ካብ ምምስራት ሳዋን ምጅማር ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ክሳብ ሎሚ ዓመት ግቡኦም ንምፍጻም ሳዋ ዝወረዱ ኣባላት 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝሓቘፈ እዩ። ንኣብነት፡ ደብዓብ ኔፈርቲ ኩናት ወያነ ኣስመራ - 1998፣ ካብ ቀዳማይ ክሳብ 3ይ ወራር ወያነ ኣብኡ ዝተኸፍለ መስዋእቲን ዘውረዶ ዕንወትን ዝተራእየ ጽንዓትን፣ መኸተ ኤርትራውያን ኣደታትን ሕጻናትን ቆልዑን ዘይተጠቕሰ ስልማትይን፣ ኣብ ካልኣይ ወራር ወያነ 1999 ዝበጸሐ ደብዓብ ኔፈርቲ ቤት ክርስትያን ዓዲ ቐይሕ፣ ግፍዒ ዝተሰነዐ ምስጓጕ ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቈል ዘለዎም ኢትዮጵያውያንን፣ ምፍሓር መቓብር ሓርበኛታት ሻምብቆ፡ ካብ'ቶም ብስእላዊ መንገዲ ተንጸባሪቖም ዘለዉ እዮም።

ኣብ መዳይ ልምዓታዊ መደባት ድማ፡ ህንጻት ዳጋ ገርሰትን ልምዓታዊ ንጥፈታትን፡ ምህናጽ መዓልቦ ኔፈርቲ፣ ቡብእዋኑ ዝተወሰዱ እጉዳታት... ከምኡ'ውን ወያነ ዘየድዎ ደብዓብ ርኼት ኣስመራ 2020'ን ዝሰዓበ ኩናትን ወጽኢቱን፡ ብገጸርን ጽፉፍን ተሰኒዱ ቀሪቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ዲፕሎማሲያዊ መጎሻታት ክቡር ፕረዚደንት ናብ ሩስያን ቻይናን ከምኡ'ውን ንሓራ መርኣዪ ኤርትራ ዘንጸባርቑ ዝተፈላለዩ ኣሳእል ንምርኢት ቀሪቦም። ብዝሒ ናይ'ቶም ንምርኢት ዝቐረቡ ስእሊታት ዝሓቘፉ ፍሬማት ብኣሃዝ 30 እዮም። ነፍሲ-ወከፍ ፍሬም ከኣ ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተን ልዕሊኡን ስእሊታት ሓቝፉ ትርኢ።

እቲ ስእላዊ ምርኢት ብኽልተ ገጹ ከሩፈልካ ዝርኢ ምኻኑ ዝጠቐሰ ሜጀር ፍስሃየ - እቲ ቀዳማይ ገጹ፡ ሳዋ ካብ ምድኳና ክሳብ 3ይ ወራር ወያነ ንዘበረ ኩነታትን ዝሰዓበ ዕንወቱን ዝገልጽ እዩ። እቲ ካልኣይ ገጹ ከኣ ኣብ 2020 መጥቃዕቲ ርኼት ኣስመራ ድሕሪ ምፍጻሙ ዝሰዓበ ሓደጋታትን ዝተራእየን ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራን ዘርኢ ኩይኑ፡ ወህደት ህዝብን መንግስቲን ኤርትራ፡ ተቐናቢሩ ከም ሓደ ዛንታ ክቐርብ ከምእተፈተነ ኣጺሒሩ። እቶም ስእሊታት ንውክልና ዝቐረቡ'ምባር ውዱኣት ከምዝይኮኑ'ውን ኣረዲኡ።




ኣብ ትሕዝቶ እቶም ኣሳእል እግረ-መንገድና ንገላ ካብ ኒጋድያን ርእይቶኦም ከሳፍለና ተወኪሰናዮም ነይርና። ኣብ ትሕዝቶኦም ብዙሕ ጸቡቕ ነገር ከምእተዓዘበ፣ ኣብ መጻኢ ድማ ብዝሰፍሐን ዝዓበየን ክሰርሓሉ ከምዝጉየኡ ኣጸፊሮምልና። ኑቲ ናይ ርእይቶ መዝገብ ኣብ ዝተወከስናሉ ድማ፡ ሓደ ካብ'ቲ ጽሑፋት - "ንምርኢት ቀሪቦም ዘለዉ ኣሳእል፡ ንብዙሕ ንጥፈታት ጉዕዞ ልምዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራን ዝሓለፎ ብድሆታትን ዘንጸባርቑ እዮም። ሰንሰለታዊ ታሪኽ ኣብ ምስጥጋር ዝሕልፍዎ መልእኽቲ ድማ ቀሊል ኣይኮነን። ከምዚኦም ዓይነት ንእንታይነትና ዘኰልሑ ስእሊታት፡ ኣጋጣሚ ከይተጸበኻ፡ ህዝቢ ክርእዮም መደባት ምስራዕ የድሊ። ንብድሕሪ ሕጂ ተሓሲቡሉ ብዝዓበየ መደብ ክንጠፈሉ ድማ እትሰፎ" ይብል።

ቀጺልና፡ ንመዳይ ጸጥታ ቅንያት ኤክስፖ ክንደህስስ ኣንቂድና። ከም ሓቂ መዓልታዊ 10ታት ኣሽሓት ህዝቢ ዝመላለሶ ቦታ፡ ሰብ ከም ቃሕታኡ ክዕዘብ ክኣቱን ክወጽእን ጸጥታ ዕዙዝ ግደ ዝወጸ ርእሰ ጉዳይ'ዩ። ስለዝኾነ፡ ኣብ ሓለዋ ጸጥታ ዝተዋፈሩ ኣኽበርቲ ከዘራርብ ወሲንና። ኣብቲ ዕለት ብሸነኽ ምዕራብ ዝርከብ ኣፍ-ደገ ቀጽሪ ኤክስፖ ዝረኸብናዮ ጠርናፊ ናይ'ቶም ኣብ ሓለዋ ዝተዋፈሩ ኣኽበርቲ ጸጥታ፡ ኣዚዚ 3ይ መደበር ፖሊስ ዞባ ማእከል ካፒቴን ሰለሞን ኣብርሃም እዩ ነይሩ።

እቲ ሓለዋ ብምውህሃድ ኩለን መደበራት ፖሊስን ጸጥታን ከምዝተኻየደ፡ መደብ ካብ ዝጀመረሉ 13 ነሓሰ ብጽቡቕ ይቕጽል ምንባሩ ሓቢሩና። ኣብቶን መዓልታት ንስርቂ፡ ዓመጽ፡ ዉእሲን ካልእን ዝምልከት ዝጥቀስ ተርእዮ ከምዘጋጠመ ብምሕባር፡ እዚ ጭውነት እዚ ድማ፡ ሰቕ ኢሉ ዝመጸአ ዘይኮነ፡ ካብ ጥንቲ ጥንታዊ ጀሚሩ ዓሚቝን ነዊሕን ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ ዘለዎ ቅዱስ ባህሊን ሱምጥርን ሕብረተሰብ ኤርትራ ምኻኑ ኣጺሒሩ።

"ተልእኾና ሰላምን ርግኣትን ህዝቢ ምርግጋጽ እዩ። ኣብ'ዚ ፌስቲቫል ድማ ንጸጥታ ዝዘርግ ተርእዮ ዘጋጠመና የለን። ህዝቢ'ውን ኑቲ ብሰንኪ ኮሮና ቫይረስ ተቛሪጹ ዝጸንሐ ሃገራዊ ፌስቲቫሉ ንምስትምቓር፡ ብጾዕቂን እናተደፋፍአን እዩ ክኣቱ ቀጺዩ። ብሰላም፡ ተሓጒሱን ተደሲቱን ክስተማቕር ድማ ዕድል ረኺቡ" ብምባል፡ ንሰዙዝ ተራን ተወፋይነትን ኣኽበርቲ ጸጥታ መጉሱ።

ካፒቴን ሰለሞን ኣብ መወዳእታ፡ ኑየም ሓላለፍም ዝርኣዩ ሓደ-ሓደ ቀንጠብጠብ ናይ ዘይሓላፍነታውያን መንእሰያት ንምግታእ፡ ህዝቢ ኣብ ኣተሓሕዛ ንብረቱን ገንዘቡን ጥንቁቕ ክኸውን ተላበዩ።

ካልእ ናይታ ዕለት ንጥፈታትና ትኹረት ዝገበርናሉ፡ ያታዊ ድኩና ኣባይቲን ባህሊን መኑብሮ ብዞራት እዩ። ኣብ'ቲ ቅርዓት ምስ በጺሕና ድማ ብዙሕ ክንዕዘቦን ክንመሃርን ክኢልና። ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ንገለ ካብ'ቶም ወደብቲ ኣዘራሪብና ነይርና። መምህር ዓብዱ መሓመድ ኑር ካብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ዝመጽኡ፡ ንያታዊ ኣነብብራ ብሄረ ሳሆ ብሓፈሻ፡ ወግዒ ሕጻኖት እቲ ብሄር ድማ ብፍላይ ንዝጻሕተቲ መብርሂ ክህቡም እዮ ጸኒሑና።

ብመሰረት መብርሂ መምህር ዓብዱ፡ ወግዒ መውሰቦ መርዓ ኣብ ብሄረ ሳሆ፡ ብሰናይ ድልየትን ባህግን መጸምዲ ክልተ ወለዲ እዩ ዝፍጸም። እዚ ድማ፡ ኣቐዲሙ ነዊሕ ግዜ ዘቑጸረ ሕጻ ወይ ከኣ ሽዑ ንሽዑ፡ "ጓል እገለ ኣሉ" ተባሂሉ ብእንዳ ወዲ ንእንዳ ጓል ብምሕታት ዝፍጸም እዩ። ብድሕሪ'ዚ ድማ ወግዒ መውሰቦ ይፍጸም። ድሕሪ መርዓ ዝቕጽል ሕጻኖት እዩ። ወግዒ ሕጻኖት ኣብ ብሄረ ሳሆ፡ ብሕልፊ ኣብ'ቲ ቀደም ግዜ፡ መርዓት መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ እንዳ ስድራኣ እያ ትሕጸን ነይራ። መሐጸኒት ገዛ ብሄረ ሳሆ፡ 'ዓዱ ዓረይ' ትበሃል። ትርጉሙ ድማ ጻዕዳ ገዛ ማለት እዩ። ምናልባት እንተሰ ብሰሪ ኣራኽቦ እንተሰ ብሰሪ ዓቕሚ፡ ንመሐጸኒ ገዛ ምስራሕ እንተዘይተኻኢሉ፡ መርዓት ኣብ ውሻጠ ዓቢ ገዛ እንዳ ኣቦኣ ክትሕጸን ትኽእል።

ኣብ'ዚ ሎሚ ግዜ ግን፡ ካብቲ ናይ ቀደም ብዝተፈልየ፡ መርዓት ኣብ እንዳውዲ እያ ትሕጸን። ግዜ ሕጻኖት፡ ኣብ እንዳ ወድን እንዳጓልን ይፈላለ እዩ። ኣብ እንዳጓል እንተ ኰይኑ፡ መርዓዊ ድሕሪ ሳልስቲ ንገዛኡ'ዩ ዝምለስ። ገዛት ሚዜታቱ፡ ጤል ሓሪደኻ፡ ሽሻይ ቀሪቦካ ድማ ይገብሩ። መርዓውን ኣዕሩኽቱን መቃልዒ ከፈሎም ድማ የኅይድዎ። ድሕሪ ሳልስቲ መርዓዊ ንገዛኡ ምስ ተመልሰ፡ መርዓት ብዘይ ሰብኣያ - ኣደኣ እያ ትሕጽና። ብድሕሪ'ዚ፡ መርዓዊ ኣጋጣሚታት ተጠቒሙ፡ ምኽት፡ ልዕሊ ፍርቂ ከንታል ሓርጭ፡ ከሎታት መዓርን ጠስሚን ወዘተ፡ ሒዙ ናብ እንዳ-ጓል ይምለስ። እዚ ወግዒ እዚ እትዋት ይበሃል። መርዓዊ ክልተ ለይቲ ምስ መርዓት፡ ሓዲሩ ድማ፡ ንገዛኡ ይምለስ። ብድሕሪኡ፡ ኣብ'ቲ ዝመረጾ ግዜ መርዓት፡ ሒዙ ሓዳሩ ይወጽእ። መርዓት ሓዳራ ቅድሚ ምውጽኣ ምስ ስድራ ሰብኣያ ክትላለ ስለዘለዋ፡ መርዓዊ ንገዛኡ ክወስዩ ግድነት ይኸውን።

እቲ ሕጻኖት ኣብ እንዳ ወዲ ምስ ዝኸውን፡ ንመርዓት ተባሂሉ ዝተዳለወ ንበረት ንወረዶ መርዓ ይወጽኣም። ከም'ቲ ልሙድ ገዛሚ እውን ይወጽኦም። መርዓውቲ ብቐጥታ ኣቢታ ንመሐጸኒኦም ተባሂላ ዝተዳለወትሎም ገዛ ይኣትው። ዝተማልእዎ ንብረቶም ሰቐሎም ገዛኦም ሰሊሞም፡ እተሕጸናም ተፈልያትሎም ሕጻኖቶም ኣሃዱ ኢሎም ይፍልምዎ። ሕጻኖት ኣብ እንዳውዲ ዘይከም'ቲ ኣብ እንዳ ጓል ካብ ሓደ ወርሒ ክሳብ 40 መዓልቲ ይበጽሕ።

ጽምብል መርዓ ብሄረ ሳሆ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ እዋን ቀውዒ ወይ ከብቲ ዝወልዱሉ፡ ዝሰብሓሉን መዓር እውን ብብዝሒ ዝበርበረሉን ወቕቲ ይካየድ። ስለዚ፡ ኣብ ሕጻኖት፡ ዝዓበየ ክፋል ንመርዓውቲ ተባሂሉ ዝዳሎ መግቢ፡ ኣብኡ ዝተጠቕሱን ወጽኢቶምን ምርኩስ ዝገበረ እዩ። እቲ ዝዳሎ መግቢ ጸባ፡ መዓር፡ ጠስሚ፡ ጥሕኒ፡ ገዓት፡ ስጋን ካልእን የጠቓልል።

ኣብ ግዜ ሕጻኖት ኣብ እንዳ መርዓውቲ ካብ ዝጽወቱ ጸወታት ሓደ፡ 'ጻንታ' ይበሃል። ጻንታ ኣዕሩኽ ምስ መርዓዊ ከቦ እናሃረሙ ተኣኪቦም ብፍሉይ ዝጻወትዎ እዩ። ምኽንያቱ፡ ክትዕ ወዘተ እውን ኣለዉ። ዝተኸሰሰ ሰብ ብዓይነት ይኸውን ብገንዘብ ይቕጽዑ። ዝተበየኖ መቕጻዕቲ ክኸፍል እንተዘይክኢሉ፡ ብኽልተ ኣዕሩኽ ተሰንዩ ገዛ-ገዛ እናኣተወ ክቐለት ይፍቀደሉ። ተቐሊቱ ዝረኸቦ እንቋቑሖ፡ ሓርጭ፡ ጠስሚ፡ መዓር...ወዘተ ከኣ ምስ መርዓውን ኣዕሩኽቱን ብሓባር ይቋደሰዎ።

መርዓት ኣብ ብሄረ ሳሆ፡ እንተርፎ እታ እተሐጽና ሰብ፡ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሸውዓተ መዓልቲ ዝኸውን ሰብ ከይርእያ ብመጋረጃ ተኸዊላ ትሕልፎ። ሰብኣያ እውን እንተኾነ ለይቲ ጥራይ'ዩ ምስኣ ዝሓድር። ቀትሪ ምስ ኣዕሩኽቱ ክዘናጋዕ እዩ ዝውዕል። መርዓት ከኣ ንኸሎ ጸወታን ወኻዕኻዕታን መርዓውን ኣዕሩኽቱን ኣብ ውሽጢ መጋረጃኣ ኮይና ብጽሞና ትከታተሎ። ዝኣን ምስ ፈጸመት ድማ ካብ መጋረጃ ወጺኣ ንቡር ሕጻኖታ ከተካይድ ትጅምር።

ድሕሪ ሕጻኖት ዝስዕብ ሓዳር እዩ። ሓዳር ከኣ ንኣብነት እቲ ወዲ ዘኸታምን ጸገምን ምስ ዝኸውን ወይ ቀልጠፎም ሓዳሮም ክወጽኡ ዘሰገድድ ኩነት እንተዘይ ተረኺቡ፡ ክሳብ ሓደ ዓመት ኣይወጽኡን እዮም። ድሕሪ ዓመት ግን፡ መውጽኢ ሓዳርም ተባሂሉ ፍሉይ ገዛ ተሰሪሑሎምን መውጽኢ ብርኪ (ሓዳር) ተባሂሉ ደገፍ ክልቲኡ ስድራ ተገይሩሎምን ሓዳሮም ኣሃዱ ኢሎም ይጅምሩ።

ፌስቲቫል ናይ ሎሚ ዓመት፡ ብዓቢ ድምቀትን ሃገራውነትን እዩ ተዘዚሙ ዘሎ። ኑቲ ጸምብል ንምምዕራግን ምውርራስ ታሪኽ ንምሕያልን ኣብ'ቲ ቀጽሪ ቡብመዓልቱ ዝርከብ ዝበረ ብዝሒ ህዝቢ ድማ መግለጺ ሓድነትን ሰቲትን ኤርትራውያን ዘንጸባርቕ ኰይኑ ተሰኒዱ ኣሎ። ወረስቲ ሕድሪ መንእሰያትን ህጻናትን ምስ ወለዶም ቤተሰቦም ኰይኖም፡ ኑቲ ዝቶዳለወ እንግዶት ክቋደስዎ ምኽኣሎም ድማ፡ ኣገዳስነትን ዕዙዝነትን ፌስቲቫልና ማዕረ ክንደይ መድረኽ ባህላውን ወርሻውን ምውርራስ ምኻኑ ዘኩልሕ ስለዝኾኑ፡ ንመጻኢ ብዓበዩ ምድላዋትን ድምቀትን ክንጸንሖ ኢና።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ግዜ ዘይስዕሮ 'ወርቂ' ከም መለክዒ ባጤራ

ኣብዚ ቅንያት እዚ፡ 'ብሪክስ' እናተባህላ ዝጽዋዓ ብቑጠባ ዝማዕበላ ሓሙሽተ ሃገራት፡ ካብ ናይ ካልኦት ሃገራት ባጤራ ጸቕጢ ናጻ ዝኾነ ሓድሽ ባጤራ ክተኣታትዋ ከም እተሰማምዓ ዝገልጽ ዜናታት ክቃላሕ ቀንዩ ኣሎ። ንሃገራት ብራዚል፡ ሩሲያ፡ ህንዲ ቻይናን ደቡብ ኣፍሪቃን ዝሓቑፍ ማሕበር 'ብሪክስ'፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ መዓላ ክውዕሎ ምኽንያቱ ዝንገረሉ ዘሎ ባጤራ፡ ኣብ ቁጠባን ፋይናንሳዊ ዝምድናታትን ሃገራት ዓቢ ምቕይያር ከምጽእ ከም ዝኽእል ይግመት።

እቲ ገና ስም ዘይተዋህቦ - ግና ከኣ በቲ ማሕበር ክጽዋዕ ከምዝኽእል ዝግመት ባጤራ፡ እተን ሃገራት ብደረጃ ዓለም-ለኸ ዘካይደኦ ንግዳዊ ርክባት፡ ካብ ጸግዕተኛነት ባጤራ ካልኦት ሃገራት ናጻ ክወጽኣን ዝኽእል እዩ። ሃገራት ብሪክስ ዓቢ ክፋል ካብ ቁጠባ ዓለም ዝውንና ኣብ ርእሲ ምኻነን፡ ብዙሕ ህዝቢ ዝሓቘፋን ብኢንዱስትርያዊ ፍርያት ዝማዕበላን እየን። እቲ ዝወጽእ ሓድሽ ባጤራ ክሳዕ ሕጂ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ኣገባብ ክፍሊት ብምቕያር፡ ብመንጽር ዶላር ዘይኮነስ ብመንጽር ወርቂ ክሽረፍ እዩ። ወርቂ፡ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ከም ኣተኣማማኒ ቀዋሚ ገንዘብ ኮይኑ ደሰርሕ ስለዘሎ፡ እቲ ሓድሽ ናይ ብሪክስ ገንዘብ ኣብ ዕዳጋ ዓለም ሓያል ባጤራ ክኸውን ተኽእሎ ኣሎ።

ንኣብነት ንመረዳእታ ብወግዒ ስራሕ ክጀምር እንተሎ፡ ሓንቲ ቅርሺ ብሪክስ ባጤራ ብመንጽር ወርቂ 1 ግራም ትሽረፍ ንበል። ሕጂ ብዘሎ ዕዳጋ ዓለም ከኣ ብጠምጋም ንግራም ወርቂ 69 ዶላር ስለዝኾኑ፡ ሓንቲ ቅርሺ ብሪክስ ክንዲ 69 ዶላር ክትሽረፍ ኢያ። ብሪክስ ድማ - ናይ ዶላር ጸግዕተኛ ዘይኮነስ ናጻ ባጤራ ስለዝኾኑ ዝኾነ ይኹን ካልእ ባጤራ ዓለም ብመንጽር እቲ ኣብ ቅርሺ ብሪክስ ዘሎ መጠን ወርቂ እዩ ዝሽረፍ። ወርቂ ክኸብር




እንተሎ ባጤራ ብሪክስ እውን ብኡኡ ልክዕ ይኸብር። ስለ'ዚ እቶም ሓያላት ደብዛሉ ዝበሩ ባጤራታት ዓቕሞም ይደክም እሞ ይዝቕብበ።

ወርቂ ዝኸብረሉን ዝሓስረሉን ግዜ ዓቕሚ ብሪክስ ክድይብን ክወርድን እንተሎ ካልኦት ባጤራታት ከኣ ምስኡ ሓፍ-ትፍ ይብላ። ሕማቕ ኣወዳድቓ እውን ክወድቑ ይኽእሉ።

እተን ኣባል ሃገራት ብሪክስ እውን ኣብ ዓለም ኣለዋ ካብ ዝበዝሓ ኣፍረይቲ ኑዳድን ጋዝን ስለ ዝርከባአን - ንካልኦት ባጤራታት ብቐሊሉ ከሕስራ ይኽእላ እየን። እተን ኣድላዪ ሸቐጣት ብሰደድ ዝልእካ ኣባላት ብሪክስ ንሸቐጣተን ብምዕጋት ዋሕዲ ይፈጥራ። እቲ ሸቐጥ ክኸብር እንተሎ ዋጋ ወርቂ ደይቡ ማለት እዩ። ወርቂ ኣዝዩ ክኸብር እንተሎ - ካብ ብሪክስ ወጻኢ ናይ ዘለዋ ሃገራት ገንዘብ ከኣ ናይ ምግዛእ ዓቕሙ ይደክም። ይሓስር እሞ ይዝቕብብ። ብኣንጻሩ እቲ ኣብ ወርቂ ተሰራሑ ዝጸንሐ ቅርሺ ብሪክስ ይሕይል። ጉድኒ-ጉድኒ ወርቂ ኸኣ እናበርተዐ ይኸይድ።

ብሪክስ 'ንኣብነት' ናይ ካልኦት ሃገራት ባጤራ ክሕስር እንድሕር ደልዩ ነቲ ሰንሰለት ቀረብ ሸቐጣት ክበትኮ ይኽእል። ንኣብነት ኣብ ሃገራት ብሪክስ ኣፍረይቲ ስርናይ እንተደኣ ሃልዩ፡ ናብ ዕዳጋ ዝወርድ ስርናይ ብምዕጋት ዋጋ ስርናይ ከምዝኸብር ይገብራ። ስርናይ ሃላኺ ነገር ስለዝኾኑ ዕለታዊ ጠለብ ዝርከቦ ሸቐጥ ከም ምኻኑ - ዕዳጋይ ብጽዕቕ ክብሪ ይሳቐ። ኣብ ካልኦት ባጤራ ተጸጊዑ ዝጸንሐ ሃገራዊ ገንዘብ ድማ፡ ብመንጽር ወርቂ ስለ ዝሓሰር ናይ መግዛኢ ዓቕሚ ይስእን። ስርናይ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዕዳጋ ዝርከብ ኩሉ ሓላኺ ሸቐጥ ድማ ይኸብር።

ኣስታት 20 ዝኣኽላ ሃገራት ኣብ ዝሓለፈ ሳምንታት ኣባል ማሕበር ብሪክስ ክኾና እንተሓተታ እምበኣር - ዘገርም ኣይኮነን።


እዚ ሓድሽ ባጤራ ብሪክስ፡ ቀልጢፉ ኣብ ባይታ ክትግበር ከም ዘይክእል ዝገልጹ ወሃብቲ ርእይቶ እውን ኣለዉ። ጌና ብዙሕ ኣዋርሕ ዝወስድ መስርሕ ከም ዝድልዮ ኸኣ ይገልጹ። ሓደ ካብ'ቲ ምኽንያቶም፡ ኣብ መንጎ ኣባል ሃገራት ብሃገራዊ ባጤራታት ዝካየድ ናይ ንግድ ምልውዋጥ ኣቓዲሙ ከይማዕበለ፡ ናይ ሓባር ባጤራ ምውጻእ ከም ዘይከኣል ይገልጹ። ኣባል ሃገራት፡ ኣብ ሓድሕደን ንዝካየድ ንግዲ ክፉት ዕዳጋ ክጥጥሓ ከም ዘለወን እውን የረድኡ። ተቓወምቲ ዝቐርብዎ ሓሳባት ግና፡ ክኢላታት ቁጠባ ብሪክስ መጽናዕቲ ዘይገበሩሉ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

እዚ ርእይቶታት እዚ፡ ብዙሕ ዕንቅፋት ዝፈጥር ጸገማት ከምዝኾኑ እውን ካልኦት ይገልጹ እዮም። እተን ሃገራት፡ ብቑጠባን ብምዕባለ ልምዓትን ፍርያት ኢንዱስትሪን ንሓድሕዱ ዝዳረግ ዝተቐራረበ ደረጃ ስለዘለወን፡ ሓደ ባጤራ ኣብ ምውጻእ ዝኽልክል ብዙሕ ሓላፍነት የብለንን።

ናይ ሓድሕድ ባጤራ ኣብ ኩለን ሃገራት ክሰርሕ ዘፍቅድ ንግዲ ግና፡ ካብ ረብሓኡ ጉድኣቱ ይበዝሕ። ኣብ ካልእ ሃገር ወይ ባንክ ዋጋ ዘይብሉን ዘይሽረፍን ናይ ወረቐት ገንዘብ፡ ኣብ ባንክታት ብዝበዝሐ ክኽዘን ይኽእል። መፈጸምታኡ ድማ ክሳራ እዩ።

## ሓድሽ ባጤራ ብሪክስን ኣገዳስነቱን

ብመንጽር 'ወርቂ' ዝሽረፍ ሓድሽ ባጤራ ክተኣታቶ ኣለዎ ዝብል ርእይቶ፡ ንሓያሎ እዋናት ክዝረበሉ ዝጸንሐ ምኽንያቱ ይፍለጥ። ሓደ ቀዋሚ መለክዒ ባጤራታት ዓለም ኣብ ዘይነበረሉ ግዜ፡ ኣብ ዕዳጋታት ይፍጠር ብዝነበረ ሕንፍሽፍሽ፡ ዓለም ክሳዕ



ሕጂ እትስዕቦ ዘላ - ኣብ 30ታት "ግቢ ሃሚ" እናተባህለ ዝጽዋዕ ዝነበረ ድኽነት ኣውሪዱ ምንባሩ ይዝከር።

እዚ ፍታሕ ንምርካብ፡ ካልኣይ ውግእ ዓለም ክውዳእ ኣብ ዝተቓረበሉ፡ ኣብ 1944 'ብረተን ውድስ' ኣብ ዝተባህለ ስፍራ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ፡ ሃገራዊ ባጤራታት ዓለም ብመንጽር ወርቂ ክሽረፋ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። ዶላር ኣመሪካ ኸኣ፡ ንወርቂ ክውክልን ዶላር ዘጥረየ ከም በዓል ወርቂ ክቖጽርን ዘኽእል፡ ብደረጃ ዓለም ዝሰርሕ ሕጊ ባንክ ተዘርጊሑ። ድኻታትን ሃብታም ሃገራትን፡ ኣብ ዝተረጋግአ ዕዳጋታት ዓለም ንሓያሎ ግዜ ምስ ጸንሓ ከኣ፡ ኣብ 70ታት ዶላር ኣብ ክንዲ ንወርቂ ዝውክል፡ ዶላር ባዕሉ ከም ዓለም-ለኻዊ ባጤራ ክኸውን ኣመሪካ እቲ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ሕጊ ሰዒራቶ።

ካብኡ ንደሓር ባጤራ ሃገራት ዓለም፡ ብመንጽር ዶላር ክሽርፋ ጸኒሐን። ዶላር ኣመሪካ ከም ዓለም-ለኻዊ ማዕከን ገንዘብ (ኣይኤምኤፍ)ን ብዝኣመሰሉ ዓበይቲ ፋይናንሳዊ ትካላት እናተሓገዘ፡ ተወዳዳሪ ብዘይብሉ ዓብላሊ ሓይሊ ኮይኑ ምጽንሑ ይፍለጥ።

ሃገራት ብሪክስ ድማ፡ ኣብዚ እዋን እዚ በቲ ቅድሚ 70ታት ዝነበረ ተሞክሮ ምሕደራ ፋይናንስ፡ ብመንጽር ወርቂ ዝሽረፍ ሓድሽ ባጤራ ብምዝርጋሕ፡ ምስ'ዚ ዝቃያየር ዘሎ ዓለማዊ ኩነታት ቁጠባ ዝቃዶ ዕዳጋ ክፈጥራ ይፍትና ኣለዋ።

ሃገራዊ ባጤራታት ወርቂ ከም መለክዒ ክጥቀማ ዝብል ርእይቶ - ሕጂ ብብሪክስ ዝጀመረ ኣይኮነን። ኣብ 2019 ቀዳማይ ሚኒስተር ማለዥያ መሃቲር መሓመድ፡ ሃገራት ኤስያ ወርቂ ዲልዲልን ኣተኣማማኒን ሃብቲ ስለ ዝኾነ፡ ከም መለክዒ ሃገራዊ ገንዘብ ክተኣታቶ ርእይቶኡ የስምዕ ነይሩ እዩ። መራሒ ሰውራ ሊብያ ሙዓመር ቃዝፊ እውን፡ ኣብ 2009 ሃገራት ኣፍሪቃ ወርቂ-ዲናር ክተኣታትዋ የተባብዕ ከም ዝነበረ ጸብጻባት ይዝክሩ። ኣብ 50ታት እውን፡ ዩዋን ባጤራ ቻይና ኣዝዩ ይዝቕብብ ስለዝነበረ፡ ናብ ወርቂ ከምዝጽጋዕ ብምግባር፡ ነቲ ዝቐብብ ቻይና ከም ዘህደኣቶ ይግለጽ።

ኣብዚ እዋን እዚ፡ ኣብ ዓለም ዝካየድ ትውግት ንግዲ - እቲ 88 ሚእታዊት ብዶላር እዩ። ካብ ዓለማዊ ዕቑር ማዕከን ዝስጋገር ገንዘብ ከኣ፡ 58 ሚእታዊት ብዶላር ከምዝካየድ ጸብጻባት የረድኡ። ብሰንኪ እቲ ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ ዝተወልዐ ኩናት ዝተረኽበ ተሞክሮ ግና፡ ሓያሎ ሃገራት ክንጸ ዶላር ካልእ ኣማራጺ ኣብ ምንዳይ ከም ዘለዋ ይሕበር።

ከም ቻይናን ሩስያን ብራዚልን ዝኣመሰላ ሃገራት ብሪክስ፡ ኣቐድም ኣቢለን ዶላር ብዘይኮነ ባጤራታት ክናገዳ ጸኒሐን እየን። ብራዚል ንፕረዚደንት ሉላ ዳ ሰልቫ ከም ብሓድሽ ናብ መንበረ-ስልጣኑ ካብ



እትመልሶ ንደሓር እውን፡ እቲ ሓድሽ ባጤራ ናይ ምትእትታው ሓሳብ ከም እተባራትዖ ምንጭታት የረድኡ። ሉላ ዳ ሰልቫ ካብ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ኣትሒዙ፡ ሃገሩ ካብ ጸግዕተኛ ባጤራ ካልኦት ሃገራት ክትወጽእ ይደፍእን ከም ዩሮ ዝኣመሰለ ባጤራ ክተኣታቶን ይጽውዕ ነይሩ እዩ።

ኣብ ማእከላይ ምብራቕ እውን፡ ከም ዒራቕ፡ ስዑዲ-ዓረብን ሕቡራት ሃገራት ኢማራት ዓረብን፡ ካብ ናይ ዶላር ኣማራጺ የናድያ ከምዘለዋ ጸብጻባት የረድኡ። ማእከላዊ ባንክታት እውን ኣብ ክንዲ ዶላር ወርቂ ከም መለክዒ ሓይሊ ባጤራ ክወስዳሉ ዘኽእል መጽናዕቲ ይገብራ ምህላወን ይፍለጥ።

ምትእትታው ባጤራ ብሪክስ ኣብ ሓጺር ግዜ ዘምጽኦ ለውጢ እንተሃልዩ፡ ስራሑ ምስ ጀመረ ዝፍለጥ እዩ። ሓደ ጭብጥ ነገር ግዳ ኣሎ። እቲ ንሓያሎ ዓመታት ክጽንሕዎ ዝጸንሐ፡ ብዕቡ ሓድሽ ኣገባብ ንግድን ምስግጋር ገንዘብን መሰረትን ኣንፈትን ክሕዝ ይኽእል። ከም ዩሮን ከም ብሪክስን ዓይነት ዞባዊ ባጤራ ክተኣታትዋ ንዝጸብያን ብእገዳታት ንዝሰኩላን ሃገራት እውን ተሞክሮ ዝሆብ ይኸውን።

ከም'ቲ ባጤራ ዩሮ ክምዕብልን ኣብ ጥጡሕ መደረኽ ክበጽሕን ብዘምታ ተበጊሱ ኣብ ዘለዎ ደረጃ ዝበጽሓሉ ልምዲ፡ ብሪክስ እውን ተሞክሮ እናኣጥረየን ብድሆታቱ እናሰዓረን ከም ዝድልድል ይግመት። 11 ሃገራት ኤውሮጳ ዩሮ ክተኣታትዋ እንክለዋ፡ ሃገራዊ ባጤራተተን ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ገይረናኦ እየን። ሃገራት ብሪክስ ግና፡ ሃገራዊ ባጤራታተን ክጥቀማ ስለዝኾና፡ ብመንጽር ወርቂ እናተሸርፈ ገንዘብ ዝሰጋገረሉ ኣገባብ ዘስዕቦ ወጽኢት ጌና ብሕጂ ክጽናዕ እዩ።

ኣብ መንጎ ሃገራት ሰጋር-ዶብ ዝካየድ ወሀድ ስርዓት-ክፍሊት ምጥጣሕ፡ ናይ መጀመርታ ዕላማ ስለዝኾነ - ከቢድ ዕንቅፋት ከም ዘይገጥሞ ይእመን።

# ጸጋታት ባሕሪ

## ጽምብላሊዕ ዓሳ

ሓጉስ ዘርኦም

ሰለስተ ርብዒ ዓለምና ብማያዊ ኣካል ዝተሸፈነት እያ። ንቑጽ መሬት ብዙተፈላለዩ እንስሳታትን ኣትክልትን ዝመልአ ኸሸውን ከሎ፡ ማያዊ ኣካል ከኣ ካብኡ ብዝተዓጻጸፈን ዝተፈልዩን ኣትክልትን እንስሳታትን ዝመልአ እዩ። ከም'ቲ ኣብ መሬት እንርእዮም ዝተፈላለዩ ጫካታት ኣግራብን ዝተፈላለዩ ካልኦት ኣትክልትን፡ ኣብ መዓሙቕ ባሕርታትን ወቕያኖሳትን እውን ብዙሓት ጫካታት ኣትክልቲ ባሕሪ፡ ሳዕሪ ባሕርን ዕንባባታት ባሕርን ይርከቡ። ዓሰርተ ዕጽፊ ናይቶም 10 ሰዓት ኣብ ሓደ ጫካ ተጓዒዝካ ክትርእዮም ትኽእል እንስሳታት፡ ኣብ ዕምባባታት ባሕሪ ኣብ ውሽጢ 10 ደቓይቕ ጥልቃ ብምግባር ክትረኽቦም ትኽእል። ኣብ'ዚ ናይ ባሕሪ ጫካ ዝተፈላለዩ ዓጸማትን ዘይዓጸማትን እንስሳታትን ብብዙሒ ይርከቡ። ካብቶም ዓጸማት እንስሳታት ብብዝሒ ካብ ዝርከቡ ዓሳታት እዮም።

ዓሳታት ዕንባባታት ባሕሪ እቶም ዝመልክዑ ዓጸማት እንስሳታት ናይ'ዛ እንኣብርላ ፕላኔት ኮይኖም ዝተፈላለዩ ዓሌታት የጠቓልሉ። ኣብ'ዞም ዓሳታት ዘሎ ፍልልይ ናይ ቅርጺ፡ ግዝፈ፡ ሕብሪ፡ ጠባይን ዝሕዝዎ ኣቦብዐዊ ስፍራን ነቲ ዕንባብ ባሕሪ ዝያዳ ስሕበት ይፈጥረሉ። ግዝፊ ናይቶም ብጽሑፍ ዝኣኽሉ ካብቶም ትሕቲ 1 ሰሜ ዝቑመቶም ንበስ ክሳብ'ቶም ልዕሊ 9 ሜትሮ ዝቑመቶም ዝዓበዩ ኑብራዊ ፐቕቶ ይዝርግሐ። ገለ ካብ'ቶም ክሳብ ሕጂ ተለዮም ዘለው 15,000 ዝኾኑ ዓሌታት ናይ ጨዋም ማይ ዓሳታት 30% ኣብ ዕምባባታት ባሕሪ ይቕመጡ። ብሓፈሻ ክረአ እንከሎ ዓሳታት ዕመባ ባሕሪ ብ130 እንዳታት (families) ዝተዓበሉ እዮም። ሓደ ካብኦም "እንዳ ናይ ጽምብላሊዕ ዓሳ" እዩ።

ጽንብላሊዕ ዓሳ ደቀቕቲ፡ ብኽልተ ጎድኖም ጸፊሕቲን ብዝተፈላለየ ሕብሪ ዘጌጹን እዮም። ዝበዝሑ ካብኦም ብግዜ ቀትሪ ንጠፋት ኮይኖም ኣብ'ቲ ዝለምለመ ክፋል ዕምባ ባሕርን ዝተፈላለዩ ደቀቕቲ ዘይዓጸማት እንስሳታት ባሕሪ ይምገቡ። ጽምብላሊዕ ዓሳ ኣብ ትሮፒካዊ ወቕያኖሳትን ባሕርታትን ይነብሩ። ዝተፈላለዩ መጸናዕቲ ከም ዝሕብርዎ እዚ እንዳ ሓደ ካብ'ቶም ብብዝሒ መጸናዕቲ ዝተኻየደሎም ዓሳታት ዕምባባታት ባሕሪ እዩ። ንዝርግሐኦም፡ ኣመጋግባኦም፡ ኣጠቓቕማ ጸጋታትን ማሕበራዊ ኣነባብርኦምን ዝምልከት ገለ ካብ'ቶም ብብዝሒ ዝተጸንዑ እዮም። ዋላ'ኳ ኣብ ዋዕሎጂያውን ኣነባብራውን ብዙሕ መጸናዕቲ እንተተኻየደ ኣብ ብዝሖም ዘሎ ለውጢ ግን ኣዝዩ ውሑድ መጸናዕቲ እዩ ተኻይዱሉ።

ክሳብ ሕጂ ብዓለም ደረጃ ከባቢ 116 ዓሌታት ጽምብላሊዕ ዓሳ ተለልዮም ኣለዉ። ዝተፈላለዩ መጸናዕትታት ከም ዘመልክትዎ ኣብ ሀንዳውን ሰላማውን ወቕያኖስ ብስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ናይዚም ዓሳታት ዝብልዎ ዝኾነ ማያዊ ኣካል እዩ። ካብ'ዚ ከባቢ እናረሓቕካ ኣብ ትኸይድ፡ ብዙሕነቶም እናነከየ ይመጽእ። ካብ'ዚ እንርድኦ ዓሳታት ዕምባባታት ባሕሪ ምስ ዝርግሐ ዕምባ ባሕሪ ዝተተሓሓዘ ምዃኑ እዩ። ዝርግሐ ዕምባ ባሕሪ ምስ ልዑል መቕሎ ዘለዎ ኣከባቢ ዝኸደ እዩ፡ ስለዚ እዞም ዓሳታት እዚኦም ካብ ትሮፒክስ ክሳብ ቆሪት ምድሪ ዘሎ ባሕርታትን ወቕያኖሳትን ይነብሩ። ብዕምባ ባሕሪ ዘይጸ ኣከባቢ ብብዝሒ ጽምብላሊዕ ዓሳ ይርከቡ። ይኹን'ምበር ብብዝሒ ናይ ሓደ ፍሉይ ዓሌት ኣብ ዝርግሐ ወሰናት ዘርኢ ዕምባ ባሕሪ እዩ ዝምርኰስ። ናይ'ዚ ምኽንያት ብብዝሒ ናይ ዝተፈላለዩ ጽምብላሊዕ ዓሳ ኣብ'ቶም ዝምገብዎምን ከም መዕቈቢ ዝጥቀምሉምን ዓይነት ዕምባ ባሕሪ ዝምርኰስ ብምዃኑ እዩ። ዝተፈላለዩ ዓሌታት ጽምብላሊዕ ዓሳ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነት ዕምባ ባሕሪ ይምርኰሱ። በዚ ምኽንያት ከኣ ከም ሓበርቲ ጥዕና ኣኻውሕ ዕንባባታት ባሕሪ ይወሰዱ።

ኣብ 2005 ዓመት ምህረት ብዶክተር ዙርያ ዓብደልቃዲር ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ 11 ጅሪት ተመዝጊቦም ኣለዉ። እቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ኾሉ ማያዊ ግዝኣት ኤርትራ ዝሞዳቕለ ልዑል ባሮትን ግዜን ስለዝሓተተ ናይ መወዳእታ ቁጽሮም ዘይፈለጠውን ይኽእል እዩ። ብጅኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ሰለስተ ይኽፈል፡ ንሳቶም ከኣ ሰሜናዊ ክፋል፡ ደቡባዊ ክፋልን ማእከላይ ክፋልን እዮም። ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ቀይሕ ባሕሪ ይርከብ። ብተመሳሳሊ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ሰሜናዊ ደቡባውያን ማእከላይ ደሴታት ዳህላክን ተሃቢሉ ከኣ ኣብ ሰለስቲ ክፋላት ይምቀል። ብዙሕነት ናይቶም ጅሪት ካብ ሓደ ክፋል ናብ ካልእ ክፋል ዝተፈላለየ እዩ። ኣብ'ቲ ሰሜናዊ ክፋል ሸሞንተ ጅሪት ክርከብ ከሎ፡ ሸዱሽተ ኣብ ማእከላይ ክፋል፡ ትሸዓተ ከኣ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ተመዝጊቦም። ገለ ጅሪት ከኣ ኣብ ሰለስቲኡ ክፋል ይርከቡ።


ጽምብላሊዕ ዓሳ ናብ ባይታ ባሕሪ ቀሪቦም ዝነብሩ ኮይኖም ብግዜ ቀትሪ ይምገቡ። ዝተፈላለዩ መጸናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ብኣመጋግባኦም ኣብ ዕምባ ባሕሪ ጥራይ ዝምገቡ፡ ኣብ ዘይንቀሳቐሱን ኣብ ወሰን እንስሳታትን ዘይዓጸማት ህይወታውያን ባሕርን ዝምገቡ፡ ኣብ ተንቀሳቐስቲ ዘይዓጸማት ህይወታውያን ባይታ ባሕሪ ዝምገቡ፡ ሓፈሻዊ ዝርጋሐ ዝምገቡ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ተንሳፈፍቲ ደቀቕቲ ህይወታውያን ባሕሪ ዝምገቡ ተዝሊሎም ኣብ ሓሙሽተ ምድብ ይምደቡ። ዝበዝሑ ዓሌታት እቶም ጅሪት ኣብዞን ክልተ ቀዳሞት ምድባት ይምደቡ።

ኣመጋግባኦም ብጅኦግራፊያዊ ኣቀማምጣኦም'ውን ይፈላለ እዩ። ንኣብነት ብዕምባባታት ባሕሪ ሃብታም ዝኾነ ማያዊ ግዝኣት ኣውስትራልያ ዝርከብ ሰፍሪ (Great barrier reef) ዝነብሩ ጽምብላሊዕ ዓሳ 80% ኣብ ዕምባ ባሕሪ ከምዝነብሩ ክለው፡ ኣብ ምዕራባዊ ናይ ህንዳዊ ወቕያኖስ ከኣ እቲ ቁጽሪ ናብ 72% ይወርድ። ብተማሳሳሊ ኣብ ከባቢ ሃዋይ ከኣ 60% እዩ። እቶም ዓይነት ዓሳታት እዚኦም ብውልቆ ብጽምዲ ከምኡ'ውን ብጉጅለ ከነብሩ ይኽእሉ። እቲ ዝ ዓይነት ኣነባብራ ዝወድሞ እቲ ናይ ኣመጋግባኦም ባህሪ እዩ። በዚ መሰረት እቶም ኣብ ዕምባ ባሕሪ ዝምገቡ ብጽምዲ ክነብሩ ከለው፡ ኣብ ተንሳፈፍቲ ደቀቕቲ ህይወታውያን (planktons) ዝምገቡ ከኣ ብጉጅለ ይነብሩ።


ስርዓት መፍረ ጽምብላሊዕ ዓሳ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ይፍጸም። እዚ ማለት ኣጽንቲይትን ተባዕታይን ኣጥቃዊ ምትግናፍ ብዘይምክያድ ዘርኦም ኣብ ማይ ባሕሪ ብምሕዋስ ከም ዝዋሰብ ይገብርዎ። ድሕሪ'ዚ ዘርኢ ተባዕታይ ዝረኽቡ እንቋቕሖ ክሳብ ትኻፍሕ ኣብ ማይ ተንሳፋፊ። እንቋቕሖ ምስ ተፈልፈለ ድቂ ንኽቲ ሳዓ ሰዓታት ይወስዶሉ። ብድሕሪ እዚ እቶም ዝቕጥሑ ኣብ'ቲ ላዕለዋይ ቀጸላ ማይ ክንሳፈፉ ድሕሪ ምጽናሕ ብማእከላይ ጉሥም ድሕሪ ኣርብዓ መዓልታት ናብ'ቲ ዓበይቲ ዝነበሩሉ ባይታ ዕምባባታት ባሕሪ ይሓወሱ። ዝቕጥሑ ኣብቲ ዓሳታት ብዘይ ዝኾነ ክእነን ናይ ወለዶም ይዓብዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ናብ ደረጃ ብጽሕና ይበጽሑ።

ብዙሓት ዝጽሕሉ ንውሓት ግዜ (ዕምሪ) ዝተኻየደ መጽናዕቲ ኣዝዩ ውሑድ እዩ። እንተኾነ ኣብ ሰብ ዝገርሓ ማይ (aquarium) ኣብ ዝነብሩ ዓሳ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከምዝሓደጎ ዝወሓ ዕድመ 25 ዓመት ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ባሮራዊ ቦታኦም ናይ ዝነብሩ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከኣ ብውሑዱ 6 ዓመት ከምዝጸንሑ ተፈሊጡ። ብጽምዲ ዝነብሩ ኣብ ዝነብረ መጽናዕቲ ዓሰርተ ዓመት ክነብሩ ይኽእሉ። ናይ ጽምብላሊዕ ዓሳ ምስ ካልኦት ዓሳታት ዕምባባታት ባሕሪ ክወዳደር ከሎ ዝሓጸረ ዕድመ ኣለዎም። ንኣብነት ሰርጀየን ዓሳ (surgeonfish) ን35 ዓመት ሕንጨይ ዓሳ (parrotfish) ድማ ን50 ዓመታት ይነብሩ።

ከም ካልኦም ህይወታውያን ባሕሪ ጽንብላሊዕ ዓሳ ኣጋብራውን ቁጠባውን ረብሓታት ኣለዎም። እቶም ዓሳታት



ጽንብላሊዕ ዓሳ ብጉጅለ ኣብ ዕምባባታት ባሕሪ እናተመገቡ



ባነር ፊሽ ሓደ ካብቶም ብጽምዲ ዝነብሩ ጽንብላሊዕ ዕሌት ዓሳ



ዝተፈላለዩ ዓሌት ዓሳታት ዕምባባ ባሕሪ

እዚኦም ኣብ ስርዓት ኣከባቢ ዓቢ ተራ ይጻወቱ። ብዝሕን ዋሕድን ህላወ ጽንብላሊዕ ዓሳ ከም መሓበሪ ጥዕና ናይቲ ዝነብርሉ ኣከባቢ የገልግሉ። ብብዝሒ ጽንብላሊዕ ዓሳ ዘለውዎ ዕንባባታት ባሕሪ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዘሎ የርእዩ። ብቑጠባዊ መዳዩ እንተርኢናዮም ከኣ ኣብ ቁጠባዊ መዳይ ሕብረተሰብን ሃገርን ብኽልተ መዳይ ዓቢ ተራ ይጻወቱ።

1. ኣብ ጽባቐ ዕምባባታት ባሕሪ ብዘለዎም ተራ ዓቢ ቱሪዝማዊ ስሕበት ኣለዎም።

2. ብዓለም ደረጃ ዝተፈላለዩ ኣብ ማይ ዝነብሩ ኣትክልትን እንስሳታትን ባሕሪ ኣብ ገዛ ከም መጋጸ ይጠቕመሉ።

እዚ ንግዳዊ ዝተፈላለየ ትካላት ንግዲ ነዞም ዓሳታት ብምሻጣ ዓቢ ንግዲ የካይዱ። ጽንብላሊዕ ዓሳ ሓደ ካብቶም ኣብዚ ንግዲ'ዚ ዓቢ ተጠቃሊት ዘለዎም እዮም። ብ1985 ዓ.ም ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ ኣብ ዓመት ኣብ ሞንጎ 40 ሃገራት ኣብ 24-40 ሚልዮን ዶላር ምልውዋጥ ዕዳጋ ይገብር።

እዚ ንግዲ ኣብ ማይ ዝነብሩ ዓሳ (aquarium fish trade business) ይበሃል። እዚ ንግዲ ኣብ ኤርትራ ካብ 1995 ጀሚሩ ክሳብ 2010 ቀጺሉ። ኣብ'ዚ ንግዲ ዝተፈላለዩ ዓሳታት ዕምባባ ባሕሪ ይሽየጡ ነይሮም። ጽንብላሊዕ ዓሳ ሓደ ካብቶም ብብዝሒ ዝሽየጡ ዝነበሩ እዮም። እዚ ንግዲ ዘኽታዕቶ ኣርባዕተ ትካላት በጺሖን ነይረን። ክሳብ 2010 ምስ ቀጸለ ግን ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ኣቋሪጹ። እዚ ንግዲ እዚ ኣሉታውን ኣወንታውን ጎድንታት ኣለዎ። እቲ ኣወንታዊ ጎድኑ ኣብ ቁጠባ ሕብረተሰብን ሃገርን ዓቢ ተራ ይጻወት። ኣብ ምምሃርን ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ምዕባይ ዘይናቕ ኣበርክቶ ኣለዎ። እቲ ኣሉታዊ ሸኸ ድማ ብቑጥጥር ኣገባብ እንተዘይተገይሩ ዕንወት ስነ-ኣከባቢን ምብራስ ስፈራታትን የጋጥም። ብዘይካ ድማ ብልዑል ዓቐን ብምሽያጥ ህላወ ናይቶም ኣገደስቲ ዓሳ ኣብ ሓደጋ ይኣቱ። ስለዚ ንመጻኢ ወለዶ ብዘውሕስ መገዲ ክንጥቀመሎም ውሕሉል ዝኾነ ምሕደራ ክካየደሉ ይግባእ።

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

<u>ታሸዓይ ክፋል</u>

**“ሓጉስ ዝምበአ ሚዝን ዝሓለወ ወህደት ናይ ፍቕር፣ ስራሕን ዕድልን እዩ።” - ማሪ ዊልሰን ሊትል**

**“ኣብ ህይወትካ ክትትልሞም ዘለዉ ክልተ ነገራት ኣለዉ። እቲ ቀዳማይ ነቲ እትደልዮ ምርካብ እዩ። ብድሕሪኡ ምስትምቓሩ እዩ። እቶም ለባማት ሰባት ጥራይ እዮም ነቲ ዳሕረዋይ ዝረኽብዎ።” - ሎጋን ፒርሳል ስሚዝ**

ንሰብ ካብ ጽምዋ ዘላግሎ ሰብ የድልዮ እዩ። እዚ ኣብ ምብራቓዊ ባህሊ ጎሊሑ እዩ ዝርአ። ኣብ ምዕራባዊ ባህሊ ግዱ ክሱብ ክንዲ እቲ ኣይኮነን። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ምዕራባውያን ምስ ሐደት ዘፍቅርዎም ሰባት ጥራይ እዮም ክራኸቡ ዝደልዩ። ንሶቶም ካብ ጽምዋ ዘላግሎም ሓደ ሰብ ኣብ ምርካብ እዮም ንዘበዘለ ጸዓቶም ዘህልኽዎ። እቲ ዝርርም ገለ ካብኣቶም ዋላ ሓደ ናይ ልቢ መሓዛ ሰብ ኣብ ምርካብ ከም ዝጸገሙ ክገልጹ እንከለዉ እዩ።

ብርግጽ ኣብዚ ግዜ እዚ እሙናት ዓርከ መሓዛት ኣብ ምርካብ ቀሊል ከም ዘይኮነ ዝከሓድ ኣይኮነን። እሙናት ሰባት የለዉን ኢልካ ካብ ሰባት ምርሓቕ ግዱ ካብ ሕጉስ ህይወት ከም እትርሕቕ እዩ ዝገብረካ።

ነቲ ምስ ወለድናን ኣሕዋትናን ዘለና ዝምድና ቀጻሊ ከም ዝሕደል ክንገብሮ ይግባእ። ምስ በዓልቲ ቤትናን ደቅናን ዘለና ምትእስሳር ቀጻሊ ከትርርሮ ይግባእ። ምስ መማህራንና፡ መሳርሕትና፡ ኣሰራሕትና፡ ጎረቤትና፡ ... ዘለና ርክብ ክዕብዮ ኣለና።

ምስ መብዝሕትኦም ካብዚኣቶም ዕሙቕ ዝበሉ ስምዒታት፡ ፍርሒታት፡ ሻቕሎት፡ ... ትካፈል እንተ ደኣ ኼንካ፡ ጽምዋ ከጥቅዓካ ኣይክእልን እዩ። ሕማቕ ጸለእካ ካብ ሰብ እንተ ተጸልካ፡ እቲ ሕሜታ መለሱ እዩ እግሪ እግርካ ዝስዕበካ፡ ከም ሳዕቤኑ ሕጉስካ ምሓር ክዘረግ ይኽእል።

ሕውሳት ሰባት ብዙሃማዊ ካብኦም ንጹሳት ሰባት ዝያዳ ሕጉሳት እዮም። ንሶቶም ኣብ እንዳ ሻሂ ኣትዮም ምስ ኣሳሰይቲ ብበሩህ ገጽ ጠለቦም ክእዘዙ ጸገም የብሎምን። ምስ መቕርቦም ናይ ምውዛይ ምስሓቕን ክእለቶም ዝደንቕ እዩ። ዋላ እኳ ሕሜታ ጸቡቕ እንተ ዘይኮነ፡ ካብ ብስሩ ካብ ሰባት ምንጻል፡ ምስ ሰባት ተሓዊስካ ምሕማይ ዝሓሸ ስምዒት ከም ዝህልወካ እዩ ዝገብር። ኣብዚአ ደጊመ ክጸቕጠላ ዝደሊ፡ ሕሜታ ጸቡቕ ከም ዘይኮነ እዩ።

ምስጢርና እዝፍሉም ሰባት የድልዩና እዮም። ብመንጽሩ፡ ምስጢርም ክንዕቅቦሎም ዝደልዩና ሰባት ከም ዘለዉ ኸሞን ኩዩ ክንዘንግዖ ኣይግባእን። ህይወት ብዋንደ ርእሳ እኮ ምክፋል እያ። እወ ህይወት ምርባሕ ጥራይ ኣይኮነትን።

ክፉታትን ተኻፈልትን እንተ ኼንና እዩ እቲ ሓጉስና ዝያዳ ዝራብሓልና። ክፉታትን ተኻፈልትን ሰባት ብርክት ዝበሉ ዓርኩመሓዛት ክስሕቡ ዝሰፍሐ ዕድል ኣለዎም። ምስ ሰባት ምፍላጥ ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ዕምቈት ዝይብሉ ምፍላጥ፡ ብዙሕ ረብሓ ዝርከቦ ኣይኮነን። ኣብ እቲ ዕምቈት ዘለዎ ምፍላጥ ግዱ ጓሂኻን ሓጉስኻን ንኽትካፈል ዝቐለለ ይገብሮ።

## ሓጉስን ሕጉሳትን

ዳርጋ ኩሎም ተመራመርቲ ኣብ ዓውዲ ዝምድናታት ደቂ ሰብ፡ ጥልቁ-ርክብ (intimacy) ኣብ መዳይ ጸቡቕ ህላወና ቀንዲ ኣጉዳሲ ምዃኑ ይሰማምዑ። እቲ ጸላዊ ብሪጣንያዊ ሊቕ ስነ ልቦና ጆን

ኣብ እዝን ዝሓለፉ ሐደት ዓመታት ጥራይ፡ ብደርዘናት ዝቖጸሩ ዓበይትን ስፉሕትን ምርምራት ብዘተፈላለዩ ምሁራት ኣብ መዳይ ዝምድና ጥልቁ-ርክብን ጥዕናን ተኻይዶም ኣለው።



ቦውሊ፡ “ጥልቁ-ርክብ ምስ ካልኦት ሰባት ሕመረት ህይወት ደቂ ሰብ ዝሕምበበሉ እዩ ... ካብ እዚ ጥልቁ-ርክብ ሓደ ሰብ ሓይሉን ባህታኡን ክቐድሕ ወይ ክግልል ይኽእል። ካብቲ ይውሓድ ይብዝሕ ገለ እነርክቶ ኢና፡ ንኻልኦት ሓይልን ባህታን ክንምጥወሎም እንኽእል። እዚኦቶም ንዝመናዊ ስነ ፍልጠትን ያታዊ ልቦናን ሓደ ዝገብሩ ጉዳያት እዮም። ...” ብምባል ጽሒፉ እዩ።

ጥልቁ-ርክብ ንኣካላውን ስነ ልቦናውን ጸቡቕ ህላወ ከም ዘደንፍዕ ብሩህ እዩ። ዝምድና ጥልቁ-ርክብ ኣብ ጥዕና ዘለዎ ረብሓ ምስ እንርኢ፡ ኣብ ሕክምና ዝመራመሩ ቀለም ጸንዑት ከም ዝገለጽዎ፡ “እቶም ጥቡቕ ዓርኩምሕዝኦት ዘለዎም ሰባት ማለት እቶም ተደናገጽቲ፡ ፈቃራትን ተሓጋገዝትን ሰባት ኣብ ጥዕናዊ ብድሆታት ከም ወቕዒ ልቢ፡ ከቢድ ሕክምናዊ መጥቃዕቲ፡ ... ዝሓሸ ናይ ምንባር ወይ ምስራር ዕድል የጋጥሞም። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ከምዚኦም ዓይነት ሰባት - ብሕማም መሸሮ፡ ረኽሲ ኣብ ስርዓት ምስትንፋስ፡ ... ናይ ምጥቃዕ ዕድሎም ዝተሓተ እዩ።”

ንኣብነት ኣብ ማእከል ሕክምና ዩኒቨርሲቲ ዱክ ደቂቶም ኣብ ዝበሩ ልቦም ዝሓመሙ 1000 ሰባት ዝተኻየደ ሓደ መጽናዕቲ ከም ዝጸረዎ፡ እቶም መጻምዲ ወይ ናይ ቀረባ መኻፍልቲ ምስጢር ዘይብሮም ሕሙማት ብሰለስተ ዕጽፊ ዝያዳ ኣብ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ውሽጢ እቲ ሕማም ልቢ ከም ዘለዎም ዝተነጸረሉ ግዜ ይሞቱ፡ ካብ እቶም ብተመሳሳሊ ሕማም ዝተጠቕዑ ሰብ ሓዳር ወይ ናይ ቀረባ ዓርኩመሓዛት ዘለዎም።

ካልእ ኣብ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ተቐማጦ ኣላመዳ - ካሊፎርንያ ንኣስታት ትሽዓተ ዓመታት ዝተሰላሰለ መጽናዕቲ ከም ዘጸሮ ኸኣ፡ እቶም ዝያዳ ማሕበራዊ ሓገዝን ጥልቁ-ርክብ ዘለዎም ሰባት ምስቶም ብኣንጻሩ ዝርከቡ ሰባት ክነጻጸሩ እንከለዉ፡ ብሰሪ ሕማም ናይ ምማት ዕድሎም ዝተሓተ ኮይኑ ጸኒሑ።

ኣብ ሕክምና ዩኒቨርሲቲ ናብራስካ፡ ኣብ ብኣማኢት ዝቖጸሩ ሽማግለ ሰባት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ድማ፡ እቶም ጥልቂ ዝምድና ዘለዎም ዝሓሸ ሕማም ናይ ምጽዋርን ዝተሓተ መጠን ኮሌስትሮልን ከም ዘለዎም ተረጋጊጹ።

ብድሕሪ ንኣእላፍ ዝቖጸሩ ሰባት ቃለ መሕትት ምግባሮም፡ እቶም ብርክት ዝበሉ ዓበይቲ ተመራመርቲ ዳርጋ ኣብ ሓደ መደምደምታ እዮም በጺሖም - ጥቡቕ ዝምድና ኣብ ምድንፋዕ ጥዕና ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዘለዎ።

ጥልቁ-ርክብ ኣብ ምዕቃብ ስምዒታዊ ጥዕና ኸማን ኣመና ኣጉዳሲ እዩ። እቲ ሳይኮኣናሊስትን ማሕበራዊ ፈላስፉን ኤሪክ ፍሮም ከም ዝበሎ፡ “ንደቂ ሰብ እቲ ዝያዳ መሰረታዊ ፍርሒ፡ ካብ ካልኦት ሰባት ከይንጸሉ ዘለዎም ስግኣት እዩ። ተማከሮ ተነጺሎ ፈለማ ኣብ እዋን ዕሸልነት እዩ ዝጅምር። ምንጪ ናይ ኩሉም ሻቕሎት ደቂ ሰብ ከኣ ንሱ እዩ።”

ጆን ቦውልቢ ነዚ ትንተና ይሰማምዓሉ እዩ፡ “ካብ ናበይትኻ — መብዝሕትኡ ግዜ ኣደ ወይ ኣቦ — ምፍላይ ኣብ እዋን ዳሕረዋይ ቀዳማይ ዓመት ናይ ህይወት፡ ውዒሉ ሓዲሩ ኣብ ህጻናት ፍርሕን ጓህን የስዕቡ። ምፍልላይን ሓድሕዳዊ (interpersonal) ክሳራን እቶም ቀንዲ ሱር ናይ ሰብኣዊ ተመክሮታት ፍርሒ፡ ጓሂን ስቅያትን እዮም።” ክብል ይገልጽ።

ንዓቢ ኣጉዳሲነት ጥልቁ-ርክብ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንጥልቁ-ርክብ ኣብ ህይወትና ብኸመይ ክንጥቀመሉ ከም ዘለና ብዝዮዮእ ክንግንዘቦ ይግባእ። ብዛዕባ ጥልቁ-ርክብ ኣብ መንጎ ተመራመርቲ ኣድማሳዊ ስምምዕ ኣሎ ኢልካ ንኽትዛረብ ዘደፍር ኩነታት እዩ ዘሎ። ኣብ ኣገላልጻን ክልሰ ሓሳብን ጥልቁ-ርክብ ግዱ ኣብ መንጎ እቶም ኣብቲ ዓውዲ መጽናዕቲ ዘካይዱ ሊቃውንቲ ሰፊሕ ዝኾነ ብዙሕነት እዩ ዘሎ።

ደራሲ ደዝሞንድ ሞሪስ ኣብታ “Intimate Behavior” ዝርእስታ ብልጽቲ ምጽሓፉ፡ “ኣብ ጥልቁ-ርክብ ምህላው ማለት ጥቡቕ ዝምድና ምምስራት እዩ ... ንዓይ ከም ዝመስለኒ፡ ተግባር ጥልቂ ርክብ ኣብ መንጎ ክልተ ውልቀ ሰባት ዝኸስት፡ እቶም ሰባት ናብ ኣካላዊ ምትንኻፍ ምስ ዝቐርቡ እዩ። ደቂ ሰብ ብዙርክት ዝበሉ ኣገባብ ንሓድሕዶም ክተናኸፉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ምትንኻፍ ንምጥብባብ መንከብ፡ ናይ ኢድ ሰላምታ ምጭብባጥ፡ ምስዓዓም፡ ... ክጠቓልል ይኽእል።” ብምባል ገሊጹ ኣሎ።

ገለ ሊቃውንቲ ኣብ ትርጉም ጥልቂ ርክብ ምስ ደራሲ ደዝሞንድ ሞሪስ ኣይሰማምዑን እዮም። ንሶቶም ንጥብቂ ርክብ ከም ኣካላዊ ምቅርራብ ምኻኑ እዮም ዝገልጽዎ። መብዝሕትኦም ሊቃውንቲ ንጥብቂ-ርክብ (intimacy) ምስቲ ማብቁዓዊ ቃል ናይቲ እንግሊዝኛ ዝኾነ ላቲናዊ ቃል “intima” እዮም ዘተኣሳስርዎ። እቲ ምንታይሲ፡ እቲ ናይ ላቲን ቃል ትርጉሙ፡ “ውሽጣዊ” ወይ “መዓሙቕ” ማለት እዩ።

ካብዚ ተበጊሱ እዩ እምበር፡ ዶክተር ዳን ማካዳምስ “ባህጊ ጥብቂ-ርክብ፡ ባህጊ ምክፋል ውሽጣዊ እንታይነትካ ምስ ካልእ ሰብ እዩ።” ክብል ዝገልጾ።

ትርጉም ጥብቂ ርክብ ኣብዚ ኣየብቅዕን እዩ። ዶክተር ቶማስ ፓትሪክ ማሎንን ዶክተር ፓትሪክ ቶማስ ማሎንን እተባህሉ ኣቦን ወደን ዝኾኑ ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ኣብታ “The Art of Intimacy” ዝርእስታ መጽሓፎም፡ “ጥብቂ-ርክብ ተመክሮ ናይ ምትእስሳር እዩ።” ኢሎም እዮም ተርጉምዎ ዘለዉ። ናቶም ርድኢት ጥብቂ-ርክብ ካብ ዓሚቕ ትዕዝብቲ ናትና “ምትእስሳር” ምስ ካልኦት ሰባት እዩ ዝጀምር። የጉዳስ ንሶቶም ንኣምር ጥብቂ-ርክብ ኣብ ዝምድናታት ደቂ ሰብ ጥራይ ከም ዝሕጸር ኣይገብርዎን። ናቶም ትርጉም እምብዛ ሰፊሕ እዩ። ንዝምድናታትና ምስ ህይወት ዘይብሎም ነገራት — ኣግራብ፡ ከዋኽብቲ ዋላ ኸሞን ንህዋ እዩ ዘጠቓልል።

ኣምራት ናይ ዝበዝሑ ቅርጽታት ጥብቂ-ርክብ ኣብ መላእ ዓለምን ኣብ ታሪኽን ይፈላለዩ እዮም። ንኣብነት፡ ጃፓናውያን ጥልቁ-ርክብ ንምርካብ ኣብ ምሕዛኦት እዮም ዝምርኮሱ። ብመንጽሩ ኣመሪካውያን ንጥልቁ-ርክብ ኣብ ፍቕራዊ ዝምድናታት ምስ ኣፍቃሪቶም ወይ ኣፍቃሪኤን ወይ መጻምዶም ክረኽብዎ እዮም ሃሰው ዝብሉ። ካብዚ ተበጊሶም እዮም ተመራመርቲ “ኤስያውያን ኣብ ውልቃዊ ስምዒታት ከም ወዕወዕ ተምሳጥ ዝተሓተ ኣድህቦ እዮም ዝገብሩ። ንሶቶም ዝያዳ ኣብ ግብራውያን መዳያት ከም ማሕበራዊ ምትእስሳር እዮም ዘተኩሩ።” ዝበሉ።

ካብ ፍልልያት ኣብ መንጎ ባህልታት ብዘወሻኽ፡ ኣምር ጥልቁ-ርክብ ምስ ግዜ ብዙሕ ለውጢ ኣርእዩ እዩ። ንኣብነት ኣመሪካ ኣብ መጀመርታ ኣብ ዝበረትሉ እዋን፡ መጠን ኣካላዊ ጥልቁ-ርክብን ቅርበትን ብሓፈሻ ክምዝገብ እንከሎ፡ ካብዚ ናይ ሎሚ ኣመሪካ ዝዓበየ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ እቲ ስድራ ቤታት ዋላ ኸሞን ኣጋይሽ ዝተቐራረበ ቦታ ይካፈሉ ነይሮም። ኣብ ሓደ ክፍሊ ይድቅሱ ነይሮም። ናይ ሓባር ክፍሊ መሕጸቢ ኑቦስ መመዝገን መደቀሰን ይጥቀሙ ነይሮም። የጉዳስ ሰብ ሓዳር ከምቲ ናይ ሕጂ ወለዶ ብግልጺ ደብዳሉ ኣይነብሩን። ናይ ሎሚ ኣመሪካውያን ኣብ እዋን ዕርክነት ይኹን እዋን ሓዳር ፍቕሮም ብኽፉት ልቢ ክካልጹ ዋላ ሓንቲ ጸገም የብሎምን።

ሰባት ስምዒቶም ዝገልጹሉ ኣገባብ እውን ተለዊጡ እዩ። ኣብ ማእከላይ ዘመን ንስምዒትካ ብቐሊሉ ኣብ ደገ ምግላጽ ንቡር ነይሩ። ንህሰታኻ፡ ቀጥዖኻ፡ ፍርሕኻ፡ ምድንጋጽኻ፡ ... ከይተሰከፍካ ኣብ ቅድሚ ሰብ ምግላጽ ልሙድ ነይሩ። ኣብ እኩብ ሰብ ዓው ኢልካ ምስሓቕ፡ ፊቕ ኢልካ ምብካይ፡ ... ዘሕንኽ ኣይነበረን። ኣብቲ ግዜ እቲ ከም ምስጢር ኣብ ውሽጥኻ እትሕዞ ፍሉይ ስምዒት ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል።

እቲ ብዛዕባ ጥልቁ-ርክብ ከም ወሃቢ እንዉስዶ ሓሳብ፡ ኣድማሳዊ ከም ዘይኮነ ምዝኻር ኣገዳሲ እዩ። ምስ ግዜ ብዙሕ ለውጢ እዩ ዝገብር። ብቐጥታ ማሕበራውን ሃይማኖታውን ኩነታት ከም ዝለዋወጥ ክንግንዘቦ ኣለና።

ብዘተፈላለዩ ትርጉማት ጥልቁ-ርክብ ብቐሊሉ ክንወዳበር ንኽእል ኢና። ብእኡ መጠን ንጥልቁ-ርክብ ክንርድኦ ንጽገም። ኣመት ናይ እዚ ንጹር እዩ።

ኣብ ህይወት ደቂ ሰብ ማእሊያ ዘይብሉ ብዙሕነት እዩ ዘሎ። ደቂ ሰብ ንስምዒት ቅርበት ዝገልጽሉ መንገዲ ማእሊያ የብሉን። እዚ ማንዛበ ንበይኑ ዓቢ ዕድል እዩ ዝፈጥረልና። እዚ ማለት ኣብዚ እዋን እዚ ማእሊያ ዘይብሎም ጺጋታት ጥልቁ-ርክብ ተቐሪቡልና ኣሎ። ጥልቂ ርክብ ብምልኡ ኣብ ኩብኒና እዩ ዘሎ።

ሎሚ መብዝሕትኡ ሰብ ብገለ ኣብ ህይወትና ዝኸሰርናዮ ስምዒት ተጸቒጡ እዩ ዘሎ። ብዋሕዲ ጥልቁ-ርክብ እንሳቐ ሰባት ውሑዳት ኣይኮንናን። እዚ ብፍላይ ኣብ እቶም ፍቕራዊ ዝምድና ክስተማቕሩ ዕድል ዘይረኸቡ ወይ ኣብ እቶም ፍቕራዊ ዝምድና ምስ መስርቱ ሃደሽ ኣሉ ዝፈረሰም ሰባት ጎሊሑ ይርአ።

ካብ መጻምድኻ ተፈላሊኻ ማለት ከም ናይ መወዳእታ ዓለም እንተ ደኣ ወሲድካዮ፡ ሕጉስ ህይወት ናይ ምስትምቓር ዕድልካ ምሓር ዝተሓተ እዩ ዝኸውን። ዋላ ተቐላጢፍካ ናብ ካልእ ፍቕራዊ ዝምድና ኣይትእቶ፡ ብሉጻት ዓርኩመሓዛት ኣብ ምጥራይ ክትሰንፍ የብልካን።

ኣብ ወሽጥኻ እትሕዞ ፍሉይ ስምዒት ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል።

**“ኣብዛ ዓለም ሕጉስ ክትከውን እንተ ደሊኻ - ገለ ዝስራሕ፡ ገለ ዝፍቀር ከምኡ’ውን፡ ገለ ተስፋ የድልየካ።” - ጆሴፍ ኣዲሰን**

**“ሓጉስ ከውን ዝኸውን፡ ምስ እትካፈሎ ጥራይ እዩ።” – ጆን ክራካወር**

**ይቕጽል**

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHT |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:25 | FILM |
| 15:25 | ህርመት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:40 | ቀስተ ድሕሪት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዘን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ስርሒት ባርንቱ 1985 |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ኣቶ ሊላይ ተስፋማርያም ኣስገዶም ወኪል ሙሉ ድረሮ፡ ተኸሰስቲ ወ/ሮ ሳራ የውሃንስ 2.ወ/ሮ ለድያ ተስፋማርያም ናይ ውርሲ ክሲ ቀሪብሉክን ስለዘሎ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕክን ን5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረባ፡፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይ ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ዞማኪኤል ተስፋሚካኤል በርሀ ምግል ተረፋማርሮን ተስፋሚካኤል በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 13/10/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሓውሲ ከተማ ሰርሓ ን/ዞባ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ኣድሓኑት ፍትዊ ተስፉ፡ በዓል-ቤተይ ኣብርሃ ጉብረሂወት ጉብረማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ድማ 4 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ-ቀጢና ን/ዞ/ማይምነ

ሰናይት ዛይድ ሸመንዲ፡ በዓል ቤተይ ደበሳይ ተወልደ ወ/ጉብርኤል ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኑብያት ዓንደ ሃይለ ምግል ተረፉ፡ ኑብያት ዓንደማርያም ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 3/10/23 ኣብ 3ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ቤት-ፍርዲ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ዓሰብ

የሱፍ መሓመድ ዓሊ 2.ከድር መሓመድ የዕዲ 3. ዓብደላ መሓመድ የዕዲ ብወከሎም የሱፍ መሓመድ ዓሊ ኣቦሎም፡ ንሕና ወረስቲ ነ/ሄር ሓንድያ እስማዒል ዓሊ ዝኾንና፡ መዋርስትና 1.ዓብዱ መሓመድ የዕዲ 2.ዓሊ መሓመድ የዕዲ 3.ዐሶማን መሓመድ የዕዲ 4.ሳዕድያ መሓመድ የዕዲ 5.ፋጡማ መሓመድ የዕዲ 6.ኣሕመድ መሓመድ የዕዲ ካብ 2010 ዓ/ም ጀሚሩ ካብ ገዘኦም ምስ ጠፍኡ ደሃይ ስለዘይብሎም፡ ጥፉኣት ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፡ ስጋ ኣሕምልቲ፡ ጥረታት (በርበረ ምስ ቀመመ) ንእንቋቑሖኹ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል፡ ንኣሕዳሪ ዓይኑስወራን ቤ/ት/ኣብርሃ ባህታ ቀሉብ ተመሃሮ

ዓመታዊ ቀሉብ መግቢ ተመሃሮ ኣብ ዓመት ትምህርቲ 2024 ካብ 01/01/2024 ክሳብ 31/12/2024 ናይ ዓሰርተ (10) ወርሒ ቀረብ ስጋ፡ ኣሕምልቲ፡ ጥረታት (በርበረ ምስ ቀመመ) ንእንቋቑሖን ከማሪት ስለዝደለየ፣ ሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል፡ ንኣሕዳሪ ዓይኑስወራን ቤ/ት/ኣብርሃ ባህታ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ስጋ፡ ኣሕምልቲ፡ ጥረታት (በርበረ ምስ ቀመመ) እንቋቑሖን ብዕሹግ ደብዳቢ ክቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተሳታፍቲ ቅዳሕ ናይ 2021 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2022 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ፡፡
4. ተሳታፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ቁ.8 ቁፁሊ 180386 ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተሳታፍቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ ሓምሳ ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 19/9/23 ሰዓት 9:00 ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጒዩ ዝቐረበ ተቐባልነት የብሉን፡፡ ጨረታ ዝኸፈተሉ ዕለት 19/9/2023 ሰዓት 9:30 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኸውን፡፡
7. ጨረታ መኽበሪ ተመላሲ (Bid security) ብ C.P.O ናቕፋ 20,000.00 (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ክስነ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ ብመምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝኣዝዘዞ መሰረት ይኣየድ፡፡
9. ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል፡ ንኣሕዳሪ ዓይኑስወራን ቤ/ት/ኣብርሃ ባህታ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል
ministry of Education Zoba Maekel P.Box;82 Tele
No.180386/180374/180389 ኣስመራ

## ሓበሬታ



- ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ፡
ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ፡፡

ሰዓታት ስራሕ - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ
8:00 -12:00፣ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ፡ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com
ሰቕታ ጎዳኢ እዩ - ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ፡፡

# VACANCY ANNOUNCEMENT VA/05/2023

The United Nations Development Programme (UNDP) office in Asmara invites qualified applicants (Eritrean) for the following vacant post:

| | |
|---|---|
| Job Code Title: | Executive Associate |
| Classified Grade: | G7 |
| Duty Station: | Asmara |

## Organizational Context

UNDP Eritrea is a trusted development partner of choice for the Government of State of Eritrea (GoSE). It contributes to development of Eritrea in the areas of inclusive growth and livelihoods, diplomacy and public sector governance, environment and sustainable development. UNDP Eritrea's contributions are guided by the CPD and the UNSDCF 2022 – 2026 in line with the SDGs

Under the guidance and direct supervision of the RR & DRR, the Executive Associate ensures effective and efficient functioning of the office, full confidentiality in all aspects of assignment, maintenance of protocol procedures, programme and operations support services, management of information flow and follow-up on deadlines and commitments made.

The Executive Associate works in close collaboration with UNDP staff, UN Agencies, and national authorities to ensure an efficient flow of information, actions on instructions, and agendas.

UNDP adopts a portfolio approach to accommodate changing business needs and leverage linkages across interventions to achieve its strategic goals. Therefore, UNDP personnel are expected to work across units, functions, teams, and projects in multidisciplinary teams in order to enhance and enable horizontal collaboration..

## Key Duties and Accountabilities

- Ensures effective and efficient functioning of the RR & DRR office.
- Ensures provision of effective communications support to the office.
- Ensures facilitation of knowledge building and management.
- Team Building and Knowledge Management.

## MINIMUM QUALIFICATIONS

Education

- Secondary education is required:
- University Degree in Business Administration, Public Administration, or an equivalent field will be given due consideration, but it is not a requirement.

### Experience

- Minimum of 7 years (with high school diploma) or 4 years (with bachelor's degree) of progressively responsible secretarial, administrative, finance, M&E, programme experience is required at the national or international level:
- Experience in the use of computers, office software packages (MS Word, Excel, etc.), data packages, and web-based management systems such as ERP.
- Fluency in English is required:
- Fluency in the national language of the duty station is required.

Language requirements (Required / Desired)

- Fluent written and spoken English is required.

### Other

- Qualified female candidates are especially encouraged to apply.

Application

Interested applicants should apply on the link below:
https://estm.fa.em2.oraclecloud.com/hcmUI/CandidateExperience/en/sites/CX_1/job/13127/?utm_medium=jobshare

Closing Date: 4 September 2023

Copy of document indicating exemption from/completion of national service should be uploaded.

UNDP is committed to achieving workforce diversity in terms of gender, nationality and culture. Individuals from minority groups, indigenous groups and persons with disabilities are equally encouraged to apply. All applications will be treated with the strictest confidence.

UNDP does not tolerate sexual exploitation and abuse, any kind of harassment, including sexual harassment, and discrimination. All selected candidates will, therefore, undergo rigorous reference and background checks.

(Only Short-Listed Candidates will be contacted).

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ኣመሪካ፡ ንፖላንድ 96 ሄሊኮፕተራት ክትሸጠላ ወሲና

ኣመሪካ፡ ነታ ኣብ ኔቶ ሓንቲ ካብ መሻርኽታ ዝኾነት ፖላንድ - ዋጋ 12 ቢልዮን ዶላር ነፈርቲ-ውግእ ክትሸጠላ ምኻና ኣፍሊጣ።

ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ትማሊ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ባይቶ ኣመሪካ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ፖላንድን ኣመሪካን ዝተኸተመ ውዕል መሸጣ ነፈርቲ-ውግእ ከፅዲቖ ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ስምምዕ፡ ፖላንድ 'ኣፓቸ' ዝዓይነተን 96 ናይ ውግእ ሄሊኮፕተራት ካብ ኣመሪካ ክትቕበል እያ።

እዚ ማለት ድማ፡ እተን ኣብ ዕጥቃ ዝርከባ ሶቬታዊ ሕብረት-ሶቬት ዝኾና ኣረግቲ ወተሃደራውያን ሄሊኮፕተራት፡ ብዘን ሓደስቲ ዘመናውያን ክትትክኣን ክትክእል እያ።



ፖላንድ፡ ክንደዚኣን ዝኣክል ነፈርቲ ውግእ ካብ ኣመሪካ ናይ ምሻማት ስጉምቲ ዝወሰደትሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ እቲ ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ስርሒታት ከቢድ ጸጥታዊ ስግኣት ስለዝፈጠረላ ምኻኑ'ያ እትገልጽ።

እንተኾነ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ዕድጊ ነፈርቲ ውግእ፡ ኣብ ልዕሊ ሩስያን ቤላሩስን ወተሃደራዊ ጸቕጢ ንምፍጣር ምኻኑ፡ ምስ'ቲ ጉዳይ ዝርከቡ ዘለዎም ተንተንቲ የመልክቱ።

ሓንቲ ካብ'ተን ንዩክሬን ወተሃደራዊ ዕጥቂ ኣብ ምቕባል ልዑል ኣበርክቶ ዝገበራ ዘለዋ ሃገራት ምዕራብ ምኻና ዝነገረላ ፖላንድ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን 'ኣብራምስ' ዝተሰምየ 250 ዘመናውያን ታንክታት ካብ ኣመሪካ ንምሻማት፡ ናይ 1.4 ቢልዮን ዶላር ውዕል ከቲማ ከምዝነበረት ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ጃፓን፡ ጸርገ-ንጡፍ ማይ ናብ ውቅያኖስ ትጕሕፍ

ጃፓን፡ ኣብ ኑክሌሳዊ ትካል ዝተጠቐመትሉ ጸርጉንጡፍ ማይ፡ ናብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ክትጕሕፍ ከምእትጀምር ኣፍሊጣ።

መንግስቲ ጃፓን፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት፡ እቲ ሓደ ሚልዮን ሜትሪክ ቶን ማይ ኣብ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ዘምጽኦ ጉድኣት ከምዘየለ ብምግላጽ'ዩ - ናብ ውቅያኖስ ክድፍኦ ዝወሰነ።

እንተኾነ እቲ መንግስቲ፡ ካብ ተጣበቕቲ ኣከባቢን ጎረባብቲ ሃገራትን ከቢድ ተቓውሞ ስለዝገጠሞ፡ ነቲ ኣብ ጥዕና ኣከባቢ ስግኣት ዘፈጥር ማይ ኣብ ፍሉይ ኢጋንእ ዓቂቡዎ ከምዝጸንሐ፡ ካብ ጽባሕ 24 ነሓሰ ጀሚሩ ግን በብቑሩብ ምስ ማይ ውቅያኖስ ከምዝሕወሶ ገሊጹ ኣሎ።

ሰበስልጣን ጃፓን፡ ነቲ ኣብ 2011 ብምንቕጥቃጥ መሬት ከፊላዊ ዕንወት ዝወረዶ ኑክሌሳዊ ትካል ፉኩሺማ ንምዝሓል ኣብ ኣገልግሎት ዝወዓለ ጸርጉንጡፍ ማይ፡ ግቡእ ማስርሕ ምጽራይ ተገይሩሉ ስለዘሎ ኣብ ልዕሊ ጥዕና ሰብ ዝኾነ ጉድኣት ከምዘይብሉ ይገልጹ።



ቀዳማይ ሚኒስተር ጃፓን ፉሚዮ ኪሺዳ ብወገኑ፡ እቲ ማይ ናብ ውቅያኖስ ክድፋእ ብኣህጉራዊ ትካል ኣቶማዊ ጸዓት ፍቓድ ተዋሂቡ ከምዘሎ ብምምልካት፡ ሃገሩ እትስከፈሉ ነገር ከምዘየለ ኣረዲኡ።

እንተኾነ፡ ቻይናን ካልኦት ጎረባብቲ ጃፓንን በቲ ስጉምቲ ዝተሰምዐን ስግኣት ካብ ምግላጽ ኣይተቖጠባን።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ዋንግ ወንቢን፡ ጃፓን ነቲ ኑክሌሳዊ ጸርጊ ዘለዎ ማይ ኣብ ልዕሊ ኣከባብን ህይወት ሰብን ንዘህልዎ ሳዕቤናት ብግቡእ ከይገምገመት፡ ናብ ውቅያኖስ ክትክዕዎ ምውሳና ዘይሓላፍነታዊ ተግባር ምኻኑ ወቒሱ። ኣብ ደቡብ ኮርያ'ውን ንውሳነ ጃፓን ዝቃወም ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ከምእተኻየደ ይጥቀስ።

እቲ ጸርገ ንጡፍ ማይ ብግቡእ ተጻርዩ ከምዘሎ ዝገልጹ ክኢላታት ጃፓን፡ ኣሰራት 'ትራይቲየም' ዝተባህለ ባእታ ከምዘለዎ ግን ኣይሓብኡን። ትሑት ማጠን 'ትራይቲየም' ኣብ ጥዕና ሰብ ዘውርዶ ፍሉጥ ጉድኣት ከምዘየለ ድማ እዮም ክኢላታት ይምጉቱ።

## ቀ/ሚኒስተር ታይላንድ-ነበር ኣብ ቀይዲ ኣትዩ



ቀዳማይ ሚኒስተር ታይላንድ ዝነበረ ታክሲን ሺንዋትራ፡ ድሕሪ ናይ 15 ዓመት ስደት ናብ ሃገሩ ኣብ ዝተመልሰሉ፡ ብኡ-ንብኡ ብፖሊስ'ታ ሃገር ተታሒዙ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ከምእተወሰደ ተገሊጹ።

ኣብ ንግዲ መራኸቢታት ተዋፊሩ ዘጥረዮ ግዙፍ ሃብቲ ከምዘለዎ ዝንገረሉ ታክሲን፡ ብናይ ውልቁ ነፋሪት ካብ ሲንጋፖር ተበጊሱ ትማሊ ንግሆ ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ባንኮክ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን'ዩ - በቶም ክጸበዩዎ ዝጸንሑ ኣባላት ጸጥታ ተታሒዙ።

ንሱ፡ መራሒ መንግስቲ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ስልጣኑ ተጠቒሙ ብዙሕ ገበናት ከምዝፈጸመ ዘመልክት ክሲታት'ዩ ኣብ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ'ታ ሃገር ተመስሪትሉ ዘሎ።

እንተኾነ፡ እቲ ብፍላይ ኣብ ገጠራት ታይላንድ ልዑል ህዝባዊ ደገፍ ዘለዎ ፖለቲከኛ፡ እቲ ቀሪቡሉ ዘሎ ክሲታት ፖለቲካዊ ድፍኢት ዘለዎ ምኻኑ ብምግላጽ፡ ብተደጋጋሚ ክጽጎ ጸኒሑ እዩ።

ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ትማሊ ኣብ ዝዘርገሖ መግለጺ ድማ፡ ታክሲን ሺንዋትራ በቲ ተመስሪትሉ ዘሎ ክሲታት ገበኛ ኩይኑ ምስ ዝርከብ፡ ክሳብ 8 ዓመት ክእሰር ከምዝኽእል ኣመልኪቱ።

ታክሲን ሺንዋትራ፡ ኣብ 2001 እዩ ናብ ስልጣን ደይቡ። እንደገና ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ'ውን መራሒ መንግስቲ ኩይኑ ክቕጽል ዘኽእሎ ዕድል ረኺቡ።

እንተኾነ፡ ኣብ መስከረም 2006፡ ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት መደረ ከሰምዕ እናተዳለወ እንከሎ፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት'ታ ሃገር ኣብ ልዕሊኡ ዕልዋ ብምፍጻም ስልጣን ጨቢጦም።

ኣብ 2008 ድማ፡ ናብ ስደት ብምምራሕ፡ ዝበዝሕ ናይ ስደት ግዜኡ ኣብ ዱባይ ከሕልፎ ተገዲዱ።

## መዓርፎ-ነፈርቲ ዱባይ፡ ኣብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ - ልዕሊ 41 ሚልዮን ተጓዓዝቲ ኣአንጊዱ

ብደረጃ ዓለም፡ ዝለዓለ ጻዕቂ ተጓዓዝቲ ካብ ዝረኣየሎም መዓርፎታት ነፈርቲ ሓደ ምኻኑ ዝንገረሉ ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ዱባይ፡ ኣብ ቀዳሞት 6 ኣዋርሕ ናይዚ ዓመት'ዚ 41.6 ሚልዮን ተጓዓዝቲ ከምዘአንገደ ተገሊጹ።

ዋና ፈጻሚ ስራሕ እቲ መዓርፎ-ነፈርቲ - ፖወል ግሪፊዝ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ መብዝሕትኦም ተጓዓዝቲ ነቲ መዓርፎ-ነፈርቲ ከም ትራንዚት ከምእተጠቐምሉ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ቁጽሪ ተጓዓዝቲ፡ ካብቲ



ቅድሚ ኮሮና ዝነበረ እዋን ዝተመዝገበ ቁጽሪ ዝለዓለ ምኻኑ ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ ካብ'ዞም ዝተገልጹ ልዕሊ 41 ሚልዮን ተጓዓዝቲ፡ እቶም ዝበዝሑ ወይ እቶም 6 ሚልዮን ዜጋታት ህንዲ ክኾኑ እንከለዉ፡ ዜጋታት ስዑዲ-ዓረብ፡ ብሪጣንያ፡ ፓኪስታንን ኣመሪካን ድማ ብቐደም ተኸተል ይስዕቡ።

ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ዱባይ፡ ብዝሓለፈ ናይ'ቶም ዘአንገዶም ተጓዓዝቲ ክሳብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት'ዚ ክሳብ 85 ሚልዮን ክበጽሕ ትጽቢት ኣሎ - ብመሰረት እቲ ዋና ፈጻሚ ስራሕ።

ወደባዊት ከተማ ዱባይ፡ ኣብ 2022 ጥራይ ልዕሊ 14 ሚልዮን ወጻእተኛታት በጻሕቲ ከምዝተቐበለት፡ ክፍሊ ቱሪዝም'ታ ሃገር የረድእ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ዱባይ፡ ኣብ 104 ሃገራት ናብ ዝርከባ 257 ከተማታት በረራ ንዘካይዳ 91 ዝተፈላለያ መንገዲ-ኣየር ኣገልግሎት ይህብ።

## "ዋዕላ ብሪክስ፡ ኣብ ምውጋድ ምርኮሳ ዶላር ከተኩር'ዩ" ደ/ኣፍሪቃ

ኣብ ከተማ ጆሃንስበርግ - ደቡብ ኣፍሪቃ ተጋቢኦም ዘለዉ መራሕቲ ብሪክስ፡ ሓደ ካብ'ቲ ዝበዝሐ ግዜ ሂቦም ዝዘትዩሉ ኣጀንዳ፡ 'ካብ ምርኮሳ ዶላር ብኸመይ ንላገል' ዝብል ክኸውን ምኻኑ፡ ምክትል ፕረዚደንት ደ/ኣፍሪቃ - ፖወል ማሸታይል ገሊጹ።

እቲ ንሓሙሽተ ሃገራት (ቻይና፡ ሩሲያ፡ ህንዲ፡ ብራዚልን ደ/ኣፍሪቃን) ዝሓቁፍ ኣህጉራዊ ውድብ፡ ኣብ መንጎ'ተን ደቂ-ማሕበር ዝኾና ሃገራት ዝካየድ ንግዳዊ ልውውጥ ብማጣኡ በቲ ናታተን ባጤራ ከምዝኸውን ብምግባር፡ ካብ ምርኮሳ ዶላር ንምልቃቕ ሓያል ስጉምቲታት ክወስድ ከምዝጸንሐ እዩ ዝንገረሉ።

እቲ ምክትል ፕረዚደንት ብሸነኡ ኣብ ጆሃንስበርግ ንዝተኣከቡ ሓለፍቲ ንግዲ ብሪክስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኣብዚ ተኣኪብና ዘለና ምስ ምዕራብ ክንተሃላለኽ ኣይኮናን። እንታይ ደኣ ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ንግዲ ናይ ባዕልና ቦታ ንኽህልወና ኢልና ኢና" ክብል ተዛሪቡ።

ኣባላት ብሪክስ፡ ካብ ምርኮሳ ዶላር ንምንጋፍ ኣብ መንጎኣን ዘገልግል ናይ ሓባር ባጤራ ከቝሞ ሓሳብ ከምዘለወን ብተደጋጋሚ ክገልጻ ጸኒሐን'የን።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ እተን ኣባላት ብሪክስ ዝኾና ሓሙሽተ ሃገራት፡ ካብ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም 40%፡ ካብ ዓለማዊ ቁጠባ ድማ ሳልሳይ ሓደ ሰሶ ይሽፍና።

መራሕቲ ብሪክስ ኣብዚ ናይ ጆሃንስበርግ ዋዕላኦም፡ ንምስፋሕ እቲ ውድብ ኣመልኪቶም'ውን ክዘትዩ ትጽቢት ኣሎ።

ዓብላሊን ተዓብላሊን ዘይብሉ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ከምስረት ዝደልያ ልዕሊ 20 ዓበይቲ ሃገራት፡ ናብ ብሪክስ ክጽንበራ ወግዓዊ ሕቶ ኣቕሪበን ከምዘለዋ፡ ብዘይካ ብራዚል ድማ ከለን ዝተረፉ ኣባላት ብሪክስ - ነቲ ናይ ምስፋሕ ሓሳብ ከምዝድግፍኦ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ብሪክስ ኣብዚ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ኣኼብኡ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ ዝርከቦም መራሕቲ ኣፍሪቃ'ውን ክዘቲ ምኻኑ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ዳህላክ | 23/08/2023 | ጎደና ገድሪት -751 ጥቓ ፋብሪካ ፊና ቀይሕ ባሕሪ | 188159 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565